
## *ረፈረንደም ኤርትራን ጥምዘዛ ታሪኽ ልሂቃን ኢትዮጵያን*



<u>ብሰረበ እስቲፋኖስ</u>

***እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ'ዚ፡ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተሓቲሙ ዝወጸ ኮይኑ፣ ኣብቲ ጽሑፍ ቀሪቡ ዘሎ ሓበሬታን ኣሃዛዊ ጭብጢታትን ዕዙዝ ኣገዳስነቱ ኣብ ግምት ብምእታው፣ ብምኽንያት መበል 33 ዓመት ዝኽሪ ረፈረንዱም ደጊሙ ዝቐርብ ዘሎ ምዃኑ ንኣንበብትና ንሕብር።***

ኣብ ዝሓለፈ መዋእል፡ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ታሪኽ እናጠምዘዙን ልቢ ወለድ ታሪኽ እናፈጠሩን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ሃገር ኣልቦ ክገብሩዎ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ኣታሊሎም ናብ መጋርያ ኲናት ክጠብስዎ ብዙሕ'ዮም ሃሊኾም። እዚ ጥምዘዛ ታሪኽን ናይ ሓሶት ድርሳናትን ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ እውን ኣየብቅዐን። ነቲ ኤርትራዊ ናጻ ህዝብን ሃገርን ከምዝነበረን ከምዝኾነን ብቓልሱን መስዋእቱን ደጊሙ ዘረጋገጸ ሓቂ፡ ብመገዲ ጽሑፋቶም ኣቢሎም ክብርዝዎ ዝከኣሎም ይጽዕሩ ኣለዉ። ብሓጺሩ ሃገርን ታሪኽን ዘይብሉ ሕብረተሰብ ገይሮም ክቐርጹዎ ህርዲግ ምባል ኣይገደፉን። እቲ ቅድም፡ ብገዚፍ ወተሃደራዊ ዓቕሚን ናይ ሓሶት ድርሳናትን ዘይሰመረ ዕላማ ጥምዘዛ ታሪኽ፡ ሕጂ ድሕሪ ስዕረት ብመገዲ ብርዕታቶም ኣቢሎም ክቕጽልዎ ንዕዘብ ኣለና። ኣብዚ ወፍሪ ጥምዘዛ ታሪኽ'ዚ፡ ዓቢ ግደ ክጻወቱ ዝጸንሑን ዘለዉን ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲን ምሁራትን ኣለዉ። እቲ ኣብዚ እዋን'ዚ ገለ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ወይ ፖለቲከኛታት ንታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዘይመልክዕ ብምሃብ ዘካይዱዎ ዘለዉ ቃልሲ ቅየራ ታሪኽ፡ ብሓፈሻ ናብ ህዝቢ ኢትዮጵያ (ብፍላይ ድማ ናብቲ ሓዲሽ ኢትዮጵያዊ ወለዶ) ዝቐንዐ እዩ። እቲ ወፍሪ፡ መቐጸልታ ናይቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዛዕባ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣእምሮኡ ብዘይ ሕቶ ክኽዝኖ ንነዊሕ ዓመታት ዝተኻየደሉ ወፍሪ ስርጸተ ግጉይ ታሪኽ እዩ። እዚ ብኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ደይ መደይ ኢልካ ብቐጻሊ ዝካየድ ምትሕልላኽን ምጥምዛዝን ታሪኽ'ዚ፡ ብወገን ኤርትራውያን ከምቲ ዝድለ ዝግበኦ መልሲ

ኣይወሃቦን እዩ። ልክዕ'ዩ፡ ስቕታ ወይ ርዝነት ኣብ ገለ እዋናት መልሲ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ብውህደት ዝግበር ወፍሪ ምህሳስን ምብራዝን ታሪኽ፡ መልሰግብሪ ዘይምርኣይ ሳዕቤኑ ቀሊል ከይከውን ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ ኣብ 1940ታት፡ መጻኢ ዕድል እተን ኣብ ትሕቲ ኢጣልያ ዝነበራ ሃገራት ንኽውሰን ክርክር ኣብ ዝተላዕለሉ እዋን ስርዓት ሃይለስላሰ 'ኤርትራ ብታሪኽ ዘይትንጸል ኣካል ኢትዮጵያ እያ' ዝብል መጐተ እዩ ኣቕሪቡ ነይሩ። እዚ መጐተ'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ጸሓፍቲ ዓቢ ጽልዋ ከምዝነበሮ ባይሩ ታፍላ (Bairu Tafla. Intterdependence through Independence: The Challenges of Eritrean Historioography. 1994.) ይገልጽ። ባይሩ ኣብ ጽሑፉ፡ እቲ ኢትዮጵያ ዝሓዘቶ መርገጺ፡ ኣብ ልዕሊ ጸሓፍትን ጋዜጠኛታትን ነባሪ ጽልዋ ከምዘሕደረን ዝበዝሑ ድማ ነቲ መጐተ ብዘይ ገለ ሕቶ ከምዝተቐበሉዎን ድሕሪ ምምልካት፡ እቲ መርገጺ ጸላዊ ስለዝነበረ፡ ካብኡ ዝፍለ ዝኸውን ንእሽቶ ርእይቶ እንተቐሪቡ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝነበሩ ፍሉጣት ጸሓፍቲ ስንባደ ይፈጥር ከምዝነበረ ይገልጽ። ቀጺሉ ባይሩ ከምዚ ዝስዕብ ይውስኽ፤ "ነቲ ኤርትራ ዘይትንጸል ኣካል ናታቶም ግዝኣት ነይራ ዝብል እማመ ናብ ጠረጴዛ ዘቕረበ መንግስቲ ኢትዮጵያ እንተነይሩ፡ ዓቕን ናይቲ እማመ ክንፋሕን ኣብ ጽሑፍ ክስረትን ዝገበሩ ድማ እቶም ጸሓፍቲ'ዮም ዝነበሩ።" ሓሶት እንተ ተደጋጊሙ፡ ኣብ ልዕሊ ሓፋሽ ህዝቢ ጥራሕ ዘይኰነ ኣብ ልዕሊ ምሁር'ውን ዘሕድሮ ጽልዋ ቀሊል ከምዘይኰነን ጸሓፍቲ ንሓደ ነገር መጢጦም መጣጢጦም ነባሪ ክገብሩዎ ዘሎ ተኽእሎ ዓቢ ምዃኑን ካብ ጽሑፍ ባይሩ ምርዳእ ይከኣል። ኩሉ ዝምስክሮ ሓቂ፡ ህዝቢ ኤርትራ ተወዲቡ ህይወት ዝጠልብ ፖለቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብምክያድ፡ ሃገርን ታሪኽን ምውሓስ ከምዝከኣል ኣመስኪሩ'ዩ። ሕጂ'ውን ነቲ ዝሰርሖ ታሪኽ፡ ንመጻኢ ወለዶ ክስንዶ ምእንቲ፡ ካልእ ዝከኣል ግን ከኣ ከቢድ ቃልሲ ይጽበዮ ኣሎ። ስለዚ ነቲ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ብውሑዱ መልሲ ክህበሉ ዝግባእ እዩ። ንዘዝተባህለን ዘዝተጻሕፈን መልሲ ጥራሕ ኣብ ክንዲ ምሃብ ግን፡ ንሕና'ውን ባዕልና ቀለስቲ ናይቲ ጉዳይ ኮይንና፡ ታሪኽና ህዝቢ ዓለም፡ ብፍላይ ኢትዮጵያውያን፡ ብልክዑ ክርድእዎ ከይሰልከና እቲ ሓቂ ክንነግሮም ይግባእ'ዩ። እዚ ዕማም'ዚ እንተተኻኢሉ ኩሎም እቶም ክፈልጡዎ ዘለዎም ወገናት ብዝርድኡዎ ቋንቋ ከነሰላስሎ ተመራጺ እዩ። እዛ ጽሕፍቲ በዚ ዕላማ'ዚ ዝጸሓፍኩዋ ኮይና ናይታ ኣቐድም ኣቢለ ብቋንቋ ኣምሓርኛ ዘዳለኹዋ ዘይተሓትመት ዓንቀጽ ትርጉም እያ።

ገለ ገለ ካብቶም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ ምሁራት፡ ወይ ፖለቲከኛታት ዘይመልከዖም እናሃቡ ክጽሕፉሎም ወይ ክዛረቡሎም ዝረኣዩ ጉዳያት ነዞም

ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል፤ ፌደረሽንን ኣፈራርሳኡን፡ ውድቀት ሰራዊት ደርግ፡ ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ዝተፈጸሙ ግፍዕታት፡ ህላወ ሓባራዊ ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት፡ ውዕለት ስርዓታት ኢትዮጵያ ንኤርትራውያን፡ ጉዳይ ረፈረንደም. . . ወዘተ። ገለ ጠምዘዝቲ ታሪኽ ኢትዮጵያውያን ምሁራት ብግጉይ መገዲ ክዛረቡሉ ካብ ዝጸንሑ ጉዳያት ሓደ፡ ንመስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝምልከት እዩ። ሕመረት መልእኽቲ ናይቲ እዞም ጸሓፍቲ ዘቕርቡዎ ዝንቡዕ ታሪኽ፡ 'ረፈረንደም ኤርትራ ግቡእ ወይ ሕጋዊ መስርሕ ዝተኸተለ አይነበረን' ዝብል እዩ። ሓደ ካብቲ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ንምድንጋር ዘቕርብዎ ምህሙን ምጉት ድማ፡ ኣብ እዋን ረፈረንደም ንህዝቢ ኤርትራ ዝቐረበሉ ሕቶ "ናጽነትዶ ይሕሸካ ወይስ ባርነት? ዝብል'ዩ ነይሩ" ዝብል እዩ። ነቶም ንሓቀኛ ታሪኽ ጉስዮም ብዘይሕንከት ግጉይ ታሪኽ ዝጽሕፉ ወይ ዝጽሓፉ መልሲ ቅድሚ ምሃበይ፡ ንረፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝምልት ንእሽቶ ድሕረ-ባይታ ምቕራብ ኣድላዪ ይመስለኒ። ኣብ 1991 ኤርትራ ናጻ ምስ ኰነት፡ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ንኽውስን፡ ኣብ 7 ሚያዝያ 1992፡ ኣዋጅ ረፈረንደም ከምዘውጽአ ይፍለጥ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ https://www. refworld.org/docid/3df4be300.html) ናጽነት ንምእዋጅ ከይተሃወኸ ድማ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ከምዝኾነ ህዝቢ ዓለም ክፈልጦን አፍልጦ ክህቦን ምእንቲ፡ ረፈረንደም ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ክካየድ ወሲኑ። ኮሚሽን ረፈረንደም፡ ካብ 600 ንላዕሊ ኣህጉራውያንን ዓለምለኻውያንን ተዓዘብቲ ብምዕዳም ሃገራውን ዓለማውን መዐቀኒታት ዘማልአ መስርሕ ብምኽታል'ዩ ነቲ ታሪኻዊ መስርሕ ምሃብ ድምጺ ኣካይዱዎ። እቶም መምዘኒታት እንታይ ይመስሉ ከምዝነበሩ፡ ነዞም ዝስዕቡ ክልተ መግለጺታት ረፈረንደም ምጥቃስ ጥራይ፡ ንጹር ስእሊ ንምሓዝ ይሕግዝ'ዩ። ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ትርጉም ረፈረንደም እንታይ ከምዝመስል ክገልጽ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ይብል፦ ረፈረንደም ህዝቢ ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ሃገሩ ንምውሳን፡ ብዘይገለ ምትእትታዋትን ተጽዕኖን ብቐጥታ ዝሳተፈሉ ኣገባብ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ረፈረንደም፡ ናይ ብዙሓት ድሌት ዝሓቁፍ ምስ ደሞክራሲያዊ ሕቶ ዝተኣሳሰረ ክብ ዝበለ ዲሞክራሲያዊ ተግባር እዩ። ንረፈረንደም ልዑል ዝገብሮ፡ እቲ ጉዳይ ውሳነን ቈላሕታ ዘድልዮን ምስ ዝኸውንን ሕጋዊነቱ ድማ ዝዓዘዘ ምስ ዝኸውንን እዩ። (ገጽ 3-4) 'የማርክሲዝም ሌኒኒዝም መዝገበ ቃላት' ዝብል ማህደረ-ቃላት 'ረፈረንደም' ንዝብል ቃል፡ 'ሕዝባዊ ውሳነ' ኢሉ ተርጒሙዎ ይርከብ። ኣስዒቡ'ውን ከምዚ ይብል፡-

ኣብ ሓደ ሃገር ዕብይ ንዝበሉ ጉዳያት፡ ቅዋም፡ ሕግን ካልኦት ፍርይ ፍርይ ንዝበሉ ሃገራውያንን ኣህጒራውያንን ጉዳያት ማእከል ዝገበረ ፖሊሲ ወይ ድማ መትከል እንክርከብ፡ ብድምጺ ህዝቢ ናይ መወዳእታ ውሳነ ዝረኽበሉ ኣሰራርሓ

እዩ። ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ውሳነ ረፈረንደም ብደረጃ ዓለም ናይ ሓባር መርገጽታትን ኣረኣእያታትን እኳ እንተለዉ፡ ዝካየደሉ ኵነታትን ኣብ ኣፈጻጽምኡ ክኽተሎም ብዛዕባ ዝግባእ መስርሕን ብመሰረት ናይ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ሕጊ ይውሰን። (ገጽ 21) ረፈረንደም ኤርትራ 1993 እምበኣር፡ ነዞም ተገሊጾም ዘለዉ ቅቡላት መግለጺታት ረፈረንደም ተኸቲሉን ኣኽቢሩን ዝተኻየደ ምንባሩ፡ ቀጺሎም ብዝቐርቡ ጭብጥታት ተረጋጊጹን ተመስኪሩሉን እዩ። እቲ ናይ ሽዑ ረፈረንደም፡ መቐጸልታን መፈጸምታን ናይቲ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነት ብ22/11/1980 ኣውጺኡዎ ዝነበረ ብዓል ሽውዓተ ነጥቢ እማመ ረፈረንደም እዩ ነይሩ። ነዚ ኣመልኪቱ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ ከምዚ ዝስዕብ ኣስፊሩ ይርከብ፡-[] ኣብዚ ሓድሽ ናይ ዓወትን ነጻነትን ኵነታት ኤርትራ፡ ኣገዳስነት መስርሕ ረፈረንደም ኣብ ክልተ መሰረት ይቐውም፡ እቲ ቀዳማይ ቅድሚ 12 ዓመት ዕቱብ መትከል እማመ ረፈረንደም ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርራት ረጋግጽን፡ እቲ ካልኣይ ድማ ጉዳይ ኤርትራ ብወተሃደራዊ መልክዕ ዕልባት'ኳ እንተረኸበ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመሰሉ ተጠቂሙ ነቲ ዝተጐናጸፎ ዓወት ሕጋዊ መልክዕ ዘልብሰሉ እዩ። (ገጽ 5) ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣዝዩ ብዙሕ ቍጽርን ዓይነትን ዝነበሮም ተዓዘብቲ ኣብ ዝነበሩሉ እዩ ተኻይዱ። ነቲ ኣፍሪቃውያን፡ ምርጫታት ንምዕዛብ ትጉሃት ኣይኮኑን ዝብል ርድኢት ንምምካት፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ እቲ ክካየድ ተወጢኑ ዝነበረ ረፈረንደም፡ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለ ንምግባሩ ከምዝተበገሰ ይገልጽ'ሞ ከምዚ የስዕብ፦ . . . ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ፡ ረፈረንደም ኤርትራ ሓደ ካብቶም ኣብ ዓለም ዝለዓለ ትዕዝብቲ ዝረኸቡ ረፈረንደማት ንምግባሩ ወሰነ። ስለዚ ከኣ፡ መንግስታት፡ ዞባውያን ውድባት፡ ዘይመንግስታውያን ውድባት (ብቐንዱ ውድባት ሰብኣዊ መሰላትን ሰብኣውያን ማሕበራትን ዘጠቓልል)፡ ምሁራት፡ ውሩያት ውልቀሰባትን ኣህጕራዊ መራኸቢ ብዙሓንን ናብ ዝርከቡዎ ብዙሕ ዝዓይነቶም ተዓዘብቲ ዳርጋ 600 ዕድመታት ተሰዲዱ። ብዘይካ'ዚ ኮሚሽን ረፈረንደም ወግዓዊ ዕድመ ካብ ዘይለኣኸሎም ውልቀሰባትን ውድባትን ዝቐርብ ምልክታ ከይተረፈ መርሓባ እናበለ ይቕበል ነይሩ። ዝኾነ ከምዚ ዝበለ መመልከቲ ኣይነጸገን።

ብሓቂ'ኳ ድኣ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም፡ ካልእ ይትረፍ ነቶም ሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ቅድሚ ምጅማር ምድማጽ ከየፍለጡ ብሃንደበት ዝመጽኡ በጻሕቲ'ውን ይቕበልን መዓርፎ ይረኽበሎምን ነይሩ እዩ። 547 ተዓዘብትን 137 ኣባላት ኣህጕራዊ መራኸቢ ብዙሓንን ዕድመታት ኮሚሽን ረፈረንደም ተቐቢሎም። (ገጽ 48-49) መስርሕ ምሃብ ድምጺ ክልተ ወይ ሓደ መዓልቲ ክሳዕ ዝተርፎ፡ ሃንደበት ንዝመጽኡ ተዓዘብቲ ጠለባቶም ከማልኣሎም ምኽኣሉ፡ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ክሳዕ ክንደይ ነቲ ስራሕ ብዕቱብ ሒዙዎ

ከምዝነበረ ዘነጽር እዩ። ንኣብነት፡ ኣብዚ ቀሪቡ ዘሎ ሰንጠረዥ ከምእንዕዘቦ፡ እቲ ኮሚሽን ቅድሚ ነሓሰ 1993 ኣብ ዘውጸኦ ቡለቲን (20 ሚያዝያ) ቍጽሪ ተዓዘብቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራት 121 ዝነበረ፡ ኣብቲ ናይ ነሓሰ ናይ መወዳእታ ብጻቡ ግን፡ ናብ 123 ደይቡ ንረኽቦ። ብተወሳኺ ኣብቲ ቡለቲን 90 ጋዜጠኛታት ነይሮም ዝበሎም፡ ኣብቲ ናይ መወዳእታ ጸብጻቡ ግን፡ 133 ኣስፊሩ ንረኽቦ። (ልዕሊ ኣርብዓ ሓደስቲ መጺኦም ማለት'ዩ)። እዚ ሓቂ'ዚ፡ እቲ ጠለባት ናይ ተዓዘብቲ ማዕረ ክንደይ ብዝሒ ከምዝነበሮን ብኡ ምኽንያት ድማ፡ እቲ ስራሕ ክሳብ ክንደይ ኣድካሚ ምንባሩን ዘርኢ እዩ። ነቲ ዝርዝር ምስ እንምልከት፡ እቲ ስእሊ ዚ ዝስዕብ ይመስል፦ (ምንጪ 1. ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ ቡለቲን ረፈረንደም፡ (20 ሚያዝያ 1993)፡ ኣጋይሽ ኤርትራ ኣትዮም፡ ቍ 7፡ ገጽ 2-3። 2. ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ (1993)፡ ረፈረንደም'93፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢ ዕድሉ ይውስን።) ስለዚ፡ ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ብዘአንገዶም ዓይነትን ብዝሕን ተዓዘብቲ ዝድነቕ እዩ ነይሩ። ብዘይካ'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝተገብረ ምሃብ ድምጺ፡ ኣብ 41 ሃገራት ዓለም'ውን ተኻዪዱ ነይሩ። እተን ኤርትራውያን ዝነብሩለን ዝነበሩ'ሞ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተኻየደለን 41 ሃገራት፡ እዘን ዝስዕባ'የን ነይረን፦ ሓንቲ ካብኣተን ረፈረንደም ኤርትራ ዘአንገዳ ሃገራት ኢትዮጵያ ባዕላ እያ ነይራ። ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበራ መውሃቢ ድምጺ ነቑጣታት 11 ክኾና ከለዋ፡ ኣብ አዲስ አበባ፡ ጎጃምን ሃረርን ሰሰለስተ፡ ኣብ ናዝሬት ድማ ክልተ ነቑጣታት ነበራ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ)። ከምኡ'ውን፡ ረፈረንደም ኤርትራ እሱራት'ውን ዝተሳተፉዎ መስርሕ ከምዝነበረ ይፍለጥ (ከማሁ)። ስለዚ ረፈረንደም ኤርትራ ነዚኣቶም ዝኣመሰሉ ሃገራውን ዓለምለኻውን መለከዒታት ብዘማልአ ኵነታት እዩ ተኻዪዱ። ክንዲ ዝኾነ ማሕበረሰብ ዓለም ዝፈቐዶን ንቕኑዕነት ኣፈጻጽምኡ ምስክርነቱ ዝሃበሉን ጥራይ ዘይኮነ ልዑል ናእዳ ዝረኸበ ኣደናቒ መስርሕ ኮይኑ'ዩ ኣብ ታሪኽ ዓለምና ተመዝጊቡ ዝርከብ።

ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ድሕሪ 2ይ ኲናት ዓለም፡ ኣመሪካ ብዓለም ደረጃ ዝሓየለት ሃገር ኮይና ክትወጽእ እንከላ፡ ኣብቲ ኲናት ዝተዓወታ፡ ሃገራት ሓይልታት ኪዳን (እንግሊዝ፡ ፈረንሳ፡ ሕብረት ሶቭየትን ኣመሪካን) ንውድብ ሕቡራት ሃገራት መስረታ። ምስ ምቛም ናይዚ ውድብ'ዚ፡ መግዛእቲ ኣብቂዑ፡ ግዙኣት ህዝብታት ናጽነቶም ክወሃቦም ኣብ ስምምዕ ተበጽሐ። ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ ናጽነተን ክጐናጸፋ ጀመራ። ህዝቢ ኤርትራ ግን፡ ን10 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ብሪጣንያ ጸኒሑ፡ ድሕሪኡ ዕድሉ ክውሰን ተባህለ። ብሪጣንያ ንኤርትራ ኣብ መንጎ'ታ ግዝኣታ ዝነበረት ሱዳንን ኢትዮጵያን

መቓቒላ ከተሕቅቓ ሕቡእ ድሌትን ዕላማን ስለዝነበራ፡ ኣብቲ ብሞግዚትነት ንኤርትራ ዘመሓደረትሉ 10 ዓመታት፡ ኢጣልያ ዝሃነጸቶ ዓበይቲ ትሕተ-ቅርጺታትን ቁጠባዊ ትካላትን ኣብ ምዕናው'ያ ተዋፊራ። እዚ ዝገበረትሉ ምኽንያት፡ "ኤርትራ ብቁጠባ ርእሳ ኣይትኽእልን'ያ፡ ስለዚ ድማ ሃገር ክትከውን ብቐዕቲ ኣይኮነትን" ብዝብል ምኽንያት ናይ ተቐሲም (ምምቃል) ውጥና ንምትግባር እዩ። ኣመሪካ ብወገና፡ ኣገልጋሊት ዞባዊ ስትራተጂኣ ክትከውን ዝሓረየታ ኢትዮጵያ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ክህልዋ ትደሊ ብምንባራ ክልቲኣን ርእሰ ሓያለን ነናተን መደብ ንምዕዋት፡ ንህዝቢ ኤርትራ ግዳይ ገበራኦ። ተጻብኦ ኣመሪካን መሻርኽታን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብቲ ግዜ'ቲ እዩ ዝጀምር። ሃገርነት ኤርትራ ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ ዝተወሰደ ቀዳማይ ስጉምቲ ድማ፡ ምዕናው ቁጠባን ትሕተ-ቅርጺን ነበረ። ኢጣልያ፡ ንናታ መግዛእታዊ ዕላማታት፡ ኣብ ትሕቲ-ቅርጺን ኢንዱስትሪታትን ኤርትራ ብቢልዮናት ሊረ ዝትመን ገዚፍ ወፍሪ እያ ኣፍሲሳ። በዚ ድማ፡ ቁጠባ ኤርትራ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ምስ ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ብምንጽጻር፡ ናብ ዘመናዊ ርእሰማላዊ ቁጠባ ዘሰጋግር መሰረት ሒዙ ነበረ። ባጽዕ "ሉል ቀይሕ ባሕሪ" እናተባህለት እትጽዋዕ፡ በቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብዚ ዞባ ዝማዕበለት ወደብ እያ ዝነበረት። ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ቀዳማይ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከኣ፡ ኣገልግሎት ወደባት ኤርትራ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ምውራድ ነበረ። ነዚ ክዉን ንምግባር፤ - ዓበይቲ ክሬናትን 500 ዝኸውን ኣጋንእ ነዳዲን ካብ ወደብ ባጽዕ ተነቒሉ፡ ናብ ግብጺን ማልታን ካልኦት ሃገራትን ተሸጠ። ተንሳፋፊ መዐሸጊ መራኽብ ምስ ክሬናቱን ንመጸገኒ መራኽብ ዘገልግል መሳርሒታቱን ንፓኪስታን ተሸጠ። - ንላዕለዎት መኰንናት ኢጣልያ ዝተሰርሐ 400 ዝኸውን ናይ ምቾት ገዛውቲ ብምሉኡ ከምዝዓኑ ተገብረ። ሰራንዳታቱን መዓጾታቱን መሳኹቱን ተለቒቑ ተወስደ። - 1000 ሰባት ዘአንግድ መንበሪ ባሕረኛታት ብዘይ ኣሰር ከምዝዓኑ ተገብረ። - መዓልታዊ 1000 ቶን ስሚንቶ ዘፍሪ ዝነበረ ፋብሪካ ተነቒሉ ናብ ሱዳን ተወስደ። - ናይ ፖታሽ ፋብሪካ ተፈንጢሑ መሳርሒታቱ ናብ ዝተፈላለዩ ዓደግቲ ተሸጠ። - 20 ሚልዮን ዶላር ዝዋጋኡ ኣብ ኣስመራ፡ ጉራዕ፡ ጊንዳዕ፡ ማይሓባር ዝነበረ ዓበይቲ መኻዚኖታት ተነቒሉ ተዘምተ። - ኣብ ናኹራ ተተኺሉ ዝነበረ መፍሓሪ ነዳዲ ተማሒዩ ተወስደ። - ካብ ኣቑርደት ንጎንደር መገዲ ባቡር ንምዝርጋሕ ዝተቐረበ ሓዲዳትን ካልእ መሳርሒታትን ብ300 ባጎኒታት ተጻዒኑ ተወስደ።

- ኣስመራ-ባጽዕ ዘራኽብ ኣብ ዓለምና ዝነውሐ ተሌፈሪካ ምስቲ ዘንቀሳቕሶ ዓቢ ሞተር፡ ናብ እስራኤል ተሸጠ። ገመዳቱን ኣዕኑዳትን ተነቒሉን ተማሒዩን ተወስደ። - ኣብ ወደብ ዓሰብ'ውን ተመሳሳሊ ዝምታ ስለዝተፈጸመ፡ ዓቕሚ ናይቲ ወደብ ብሰለስተ ርብዒ ጐደለ፡

- ኣብ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራን ባጽዕን ዝነበረ በብዓይነቱ መሳርሒታት ብተመሳሳሊ ኣገባብ ተዘምተ። - ናይ ሆስፒታል መሳርሒታትን ኣየርኮንድሽንን ከይተረፈ ተነቒሉ ናብ ስዑዲ ዓረብ ተሸጠ።

- ዝተረፈ ደቀቕቲ ንብረት ናይ ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ሓጻውን፡ መሳርሒታት ህንጻ፡ ጀነረይተራት ወዘተ. ንውልቀሰባት ተሸጠ። እዚ ከም ኣብነት ዝቐረበ እዩ። እቲ ዝርዝር ብዙሕ እዩ።

ሽዑ ዝተዘምተን ዝዓንወን በብዓይነቱ ዘመናዊ ንብረትን መሳርሒታትን ብገንዘብ ናይቲ ግዜ'ቲ ኣስታት 100 ሚልዮን ፓውንድ እንግሊዝ ይትመን።

መግዛእቲ ብሪጣንያ ኣብ ኤርትራ፡ እዚ ዝተጠቕሰ ገዚፍ ዕንወት ክፍጽም እንከሎ፡ ብእወታ ዝጥቀስ ዘምጽኦ ንእሽቶ ለውጢ ነይሩ እዩ። ንቲ ካብ 4ይ ክፍሊ ዘይሓልፍ ዝነበረ ብኢጣልያ ዝተመስረተ ኣገልግሎት ትምህርቲ ክሳብ 2ይ ደረጃ ከምዝበጽሕ ምግባሩ፡ ናይ ጽሑፍን ዘረባን ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ሰልፊታትን ማሕበራትን ናይ ምቛም መሰል ምፍቃዱ ብእወታ ዝግለጽ እዩ። እንተኾነ፡ ምምሕዳር ብሪጣንያ ነዚ መሰል'ዚ፡ ብመግዛእቲ ኢጣልያ ተዳኺሙ ዝነበረ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ካልእ ትሕተ-ሃገራዊ ስምዒታትን ቀስቒሱ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንሓድሕዱ ከምዘይሰምማዕ ብምግባር፡ ንኤርትራ ናይ ምምቃል ዕላማኡ ንምስላጥ እዩ ክጥቀመሉ ፈቲኑ። ኣብ እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ ናይ ትምህርቲ ዕድል ዘይረኸበ ህዝቢ ኤርትራ ከኣ፡ እዚ መሰል'ዚ ስለዝተዋህቦ ጥራይ ብሱላትን ሓያላትን ፖለቲካዊ ሰልፊታት ክፈጥር ብቕዓት ኣይነበሮን። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ብሪጣንያን ገዛእቲ ኢትዮጵያን ብስዉር መገዲ ሽፍትነት ብምትብባዕ፡ ህዝቢ ኤርትራ ስኒት ዘይብሉ፡ ንሃገርነት ዘይበቅዐ ህዝቢ ምዃኑ ንምእማን ይጽዕሩ ነበሩ። ኣብ ውሽጢ ከምዚ ዝኣመሰለ ድብልቕልቕ እዋን ድማ እዩ፡ እቲ ፖለቲካዊ ተሞኩሮ ዘይነበሮ ህዝቢ ኤርትራ፡ መጻኢ ዕድሉ ናይ ምውሳን ታሪኻዊ ብድሆ ዝገጠሞ። ምስ ኩሉ'ቲ ዝነበረ ብድሆታት ግን 10 ዓመታት ምምሕዳር ብሪጣንያ፡ ኣብ ፖለቲካዊን ባህላዊን ህይወት ኤርትራውያን ሓድሽ ምዕባለታት ምኽሳቱ ኣይተረፈን። ምውጋን ግዝኣታት ኢጣልያ ሓላፍነት ሕቡራት ሃገራት እኳ እንተነበረ፡ ኣብ ውሳነ ናይቲ ውድብ ዓቢ ተራ ዝነበራ ኣመሪካ እያ።

ናይቲ ግዜ'ቲ ምስጢራውያን ሰነዳት ከምዘረጋግጽዎ፡ ኣመሪካ 2ይ ኩናት ዓለም ኣብ ዝተዛዘመሉ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ቁጽጽራ እተደልድለሉ፡ ኣብ ህንዳዊ ውቅያኖስን ርሑቕ ምብራቕን ምስ ዝነበረ መደበራት ብቐሊሉ እትራኸበሉ ቦታ ትደሊ ብምንባራ፡ ንገማግም ባሕሪን ከበሳታትን ኤርትራ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ነበረት። ስለዚ ድማ፡ ንምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ናብታ ግዝኣት እንግሊዝ ዝነበረት ሱዳን ጸንቢራ ንከበሳን ገማግም ባሕሪን ኤርትራ ንብዓል

ኪዳና ሃጸይ ሃይለስላሰ ሂባ፡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽራ ከተእትዎ ዝተወድአ ውጥን ነበራ። ምምቃል ኤርትራ ሓያል ተቓውሞ ህዝቢ ኤርትራ ምስ ገጠሞ ግን፡ ኣመሪካ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ከልኪላ፡ ድሕሪ 60 ዓመታት መግዛእቲ፡ ብ1952 ብስም ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከምዝቘረን ብምግባር ናብ ካልእ ባርነት ኣእተወቶ። ኣብቲ እዋን'ቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ሆይሆይታ ናይ ፖለቲካ ሰልፊታት፡ ዘተ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ መጻኢ ዕድል ኤርትራን ምምጻእ ልኡኻት ናይቲ ውድብን ፖለቲካዊ ተዋስኦ ጥራይ'ዩ ዝነበረ። ብግብሪ፡ ህዝቢ ኤርትራ መጻኢኡ ክውስን ክፉት ዕድል ኣይተዋህቦን። ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ከኣ፡ ምርጫ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበረን። ነቶም ኤርትራ ብታሪኽን ባህልን ኣካልና'ያ ኢሎም ዝምጉቱ ዝነበሩ ገዛእቲ ኢትዮጵያ'ውን እንተኾነ ፌደረሽን ምሉእ ዓወት ኣይነበረን። ጎበጣን ምጅማር ብረታዊ ቃልስን ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ታሕሳስ 1950 ብብይን 390 A(V) ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቆረን ድሕሪ ምውሳኑ፡ ኣብተን ዝቐጸላ 10 ዓመታት ፌደራላዊ ሕብረት (1952- 1962)፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ፌደረሽን ምርጫኡ እኳ እንተዘይነበረ፡ ውሳነ ሕቡራት ሃገራት ተቐቢሉ፡ ንሕግታት ፌደረሽን ኣኽቢሩ ምስ ገዛእቲ ኢትዮጵያ ብቅኑዕ መገዲ ክዋሳእ ፈቲኑ እዩ። ብኣንጻሩ ኤርትራ ግዝኣቱ ምኻና ክጸድቀሉ ዝጠልብ ዝነበረ ስርዓት

ሃይለስላሰ፡ ውሳነ ፌደረሽን ስለዘየዕገቦ፡ ቀስ ብቐስ ነቲ ፌደረሽን ትርጉም ኣልቦ ክገብሮ እዩ መዲቡ። በዚ ድማ፡ ካብ ሕጊ ወጻኢ ሰራዊቱ ኣብ ኤርትራ ከሰፍር፡ ንህዝቢ ናይ ምእካብን ምጽሓፍን መሰላት ክኽልክል፡ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ክሽርምም፡ ትካላት ፍትሒ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከእቱ፡ ባጀት መንግስቲ ኤርትራ ክዘምት፡ ቁጠባዊ ትካላት ኤርትራ ከዕኑ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ቋንቋ ኣምሓርኛ፡ ንቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ተኪኡ ወግዓዊ ቋንቋ ናይ ኤርትራ ከምዝኸውን ብምግባር፡ ባንዴራ ኤርትራ ደርብዩ ብባንዴራ ኢትዮጵያ ተክኦ። ሃጸይ ሃይለስላሰ እዚ ኩሉ ክገብር እንከሎ ምትብባዕ ኣመሪካ ኣይተፈልዮን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ክሳብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥራዕ፡ ብፖለቲካዊን ሰላማዊን መገዲ ንግህሰት ፌደረሽን እንተ ተቓውሞ እኳ፡ ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸበን። ኣብ ከተማታት ኤርትራ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊታት ድማ ብሓይሊ ብረት ተደቊሰ። እዚ ቅሉዕ ግህሰትን ስቕታ ማሕበረሰብ ዓለምን ከኣ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ካልእ ኣማራጺታት ክጥምት ደረኾ። ኣብ መወዳእታ 50ታት ንጎበጣ ኢትዮጵያ ዝቃወም ንሓርነት ኤርትራ ክቃለስ ዘንቀደ፡ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ወይ ማሕበር ሸውዓተ ዝተሰምየ ምስጢራዊ ውድብ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብዝርከቡ ኤርትራውያን ተመስረተ። ማዕረ ማዕረ'ዚ ድማ ኣብ ወጻኢ፡ ብፍላይ ኣብ ግብጺን ሱዳንን ዝነበሩ ኤርትራውያን

ብረታዊ ቃልሲ ንምጅማር ካልእ 'ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ' ዝተባህለ ውድብ ንምምስራት ክተኣኻኽቡ ጀመሩ። ኣብ ባሕቲ መስከረም 1961 ከኣ፡ ብወተሃደራዊ መሪሕነት ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ከምኡ'ውን ብድርኺት ንተ.ሓ.ኤ. ዘቘሙ ካብ ኤርትራ ዝተሰደዱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተወልዐ። ድሕሪ 20 ዓመታት፡ ፖለቲካዊን ሰላማዊን ቃልሲ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብረት ምልዓሉ፡ ሕድገት ዘየፍቅድ ቁርጺ ውሳነኡ ንምሉእ ናጽነት ዘነጸረ ተበግሶ'ዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ክንዲ፡ በቲ ዝሓሸ ተሞኩሮን ኣወዳድባን ዝነበሮ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓራካ) ዝጅምር፡ ብተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ምጅማሩ ናይ ታሪኽ ሓደጋ እዩ ኮይኑ። ምኽንያቱ እቶም ንተ.ሓ.ኤ. ዝመስረቱ ፖለቲካውያን መራሕቲ፡ ኣብ 40ታት ብዝነበረ ጸቢብ፡ ገማማዒ፡ ቀቢላዊን ሃይማኖታዊን ትሕተሃገራዊ ፖለቲካ ምሒር ዝተጸልዉ ነበሩ። ብኣንጻር ሓራካ፡ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ወጻኢ ዝተመስረተ ኣብ ውሽጢ ሃገር ሱር ዘይነበሮ፡ ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ብዝነበሩ ዓቃባውያን ናይ ፖለቲካ ሓይልታት ዝተጸልወ ምንባሩ፡ ምስ ክዉንነት ኤርትራ ዝሳነ ኣመራርሓ ከየማዕብል ካብ ዝዓንቀጾ ድኽመታት እዩ ነይሩ። ምስቲ ኣብ 50ታት ኣብ ከተማታት ኤርትራ ተፈጢሩ ዝነበረ ፖለቲካዊ ንቕሓትን ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ብምንጽጻር እምበኣር፡ ኣመራርሓ ተ.ሓ.ኤ. ድሑር ነበረ። ሓራካ ዋላ እኳ ንብዙሕ ምኽንያታት ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ምጅማር እንተተደናጎየ፡ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብተ.ሓ.ኤ. ከም እወታዊ ምዕባለ ተቐቢሉ ምስ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ኪዳን ንምምስራት እኳ እንተፈተነ፡ መራሕቲ ተ.ሓ.ኤ. ፍልልያት ሃሰው ኢሎም ብምግፋሕ ኣይተቐበልዎን። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ሓራካ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንምስታፍ ሜዳ ምስ ኣተወ ብሓይሊ ብረት ጨፍለቕዎ።

እቲ ካልእ ንስብእና ኮሎኔል ኣስናቀ እንግዳ (ሸክም የማይከብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ-1994) ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ፡ ንጽሑፎም ክብሪ ዝኸልእ ነጥቢ፡ "ናጽነትን ባርነትን ዝብላ ክልተ ሳጹናት ነይረን" ዝብል ጽሑፎም'ዩ። እቶም ዘርከብናሉ ከም እንዝክሮ፡ ተዓዘብቲ እውን ሽዑ ከምዝመስከርዎ፡ ኣብ እዋን ምርጫ፡ ኣድማጺ ነታ መግለጺ ምርጫኡ ዝኾነት ካርድ "እወታ" ወይ "ኣሉታ" ከእትወላ ዝተዳለወት ሳጹን፡ ሓንቲ ጥራሕ እያ ነይራ። ወሃቢ ድምጺ፡ ነታ ዝመረጸ ካርድ (እወ ወይ ኣይፋል) ኣብታ ብሓጺን ዝተሰርሐት ሓንቲ ሳጹን እዩ ኣእትዩዋ ዝኸይድ ዝነበረ። ነታ ዘይመረጸ ካርድ (እወ ወይ ኣይፋል) ዘቐምጠላ ካልእ ብባኮ ዝተሰርሐት ሳጹን'ውን ነይራ እያ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ)። ሓደ ድምጹ ዝህብ ሰብ፡ ናጻ ኮይኑ ምርጫኡ ብምስጢር ክፍጽሞ ስለዝነበሮን እንታይ መሪጹ ድማ ክፍለጥ ስለዘይነበሮን፡

ነታ ዘይመረጻ ካርድ ሒዙ ካብቲ መውሃቢ ድምጺ ነቝጣ ክወጽእ ኣይፍቀደሉን'ዩ ነይሩ። ስለዚ፡ ነታ ኣብ ናይ መምረጺ ሳጹን ዘየእተዋ ካርድ ('እወ' ክትከውን ትኽእል ወይ'ውን 'ኣይፋል') ኣብታ ናይ ባኮ ሳጹን ኣእትዩ እዩ ዝፋኖ ዝነበረ። ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ፡ እቲ ናይ ድምጺ መውሃቢ መስርሕ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝኸይድ ስሩዕ ደረጃታት ከምዝነበሮ ይጠቅስ። እቲ ጸብጻብ፡ ኣድማጺ ነታ መመዝገቢ ካርዱ፡ ነቶም ተቈጻጸርቲ ድሕሪ ምርኣይ፡ ድምጹ ሂቡ ክሳዕ ዝውድእ ዝነበረ መስርሕ፡ ብተርታ ገሊጹዎ ይርከብ (ጸብጻብ ኮሚሽነር ኮምሽን ረፈረንደም ሕጥበጽሑፍ 165-171)።

እቲ መስርሕ፡ ኣድማጺ ኣብ ዝርዝር ኣድመጽቲ ከምዝለዎ ብዘረጋግጽ ኣካይዳ'ዩ ዝጅምር። ነቲ ዝርዝራዊ ተርታ ሓሊፍና፡ ናብቲ ቀንዲ ኣገባብ ኣደማምጻ ምስ እንሰግር፡ እቲ ቅደም-ተኸተል ብኸምዚ ዝስዕብ መገዲ ይካየድ ነይሩ (ሕጥበ-ጽሑፍ 169-171)። ወሃብ ድምጺ ናይ መምረጺ ካርዱ ሒዙ ንበይኑ ኮይኑ ምርጫኡ ናብ ዝውስነላ ክፍሊ ይኣቱሞ፡ ነታ ካርድ 'ኣይፋል'ን 'እወ'ን ናብ ዝብላ ክልተ ክፋላት ዝፈላሊ ብነጠብጣብ ዝተዳለወ ቀዳዳት ዝነበሮ ወገና ብምሓዝ ናብ ክልተ ይመቕላ። ብድሕሪኡ ንኽልቲኣን ምርጫታት ሒዙ ካብታ ክፍሊ ብምውጻእ፡ ነታ ዘይመረጻ ካርድ ('ኣይፋል' ወይ 'እወ') ኣብታ ፈለማ ዝረኸባ ብባኮ ዝተሰርሐት ሳጹን የእትዋ። ቀጺሉ ነታ ዝመረጻ ካርድ ('ኣይፋል' ወይ 'እወ') ኣብታ ጥቓ መውጽኢ ማዕጾ ኣብ ዘላ ብሓጺን ዝተሰርሐት መውሃቢ ድምጺ ሳጹን ብምእታው ንግዳም ይወጽእ ነበረ። እቲ ብግብሪ ኣብ ባይታ ዝኾነ ከምኡ'ዩ ዝነበረ። ብሓጺሩ፡ ክልቲኣን ምርጫታት ኣብ ክልቲኣን ሳጹናት ክኣትዋ ማዕረ ዕድል ነይሩወን ማለት እዩ። እቲ ሓቂ እዚ'ዩ ነይሩ እምበር፡ ከምቲ ኰሎኔል ኣስናቀ ብ'ይኸውን' ወይ 'ብግምት' ዝበሉዎ ን'እወ' ናይ በይና ሳጹን፡ ን'ኣይፋል' ድማ ናታ ናይ በይና ሳጹን ኣይተዳለወን። ንኰሎኔል ኣስናቀ ዘይኮነን ዘይነበረን ነገር ክጽሕፉ ዝደረኾ ምኽንያት ግን እንታይ'ዩ፧ ብዓይኒ ሞያዊ ስነምግባር መጕተኦም ብጭብጢ ክድግፉዎ ይግባእ ነይሩ።

ወይ ባዕሎም ከም ጋዜጠኛ ወይ ከም ተዓዛቢ ተሳቲፈ ነይረ ክብሉ ነይሩዎም ወይ ድማ ምንጭታቶም ምገለጹ። ምሁራዊ ኣጸሓሕፋ ከምኡ እዩ። ባዕሎም ብዝፈጠሩዎ 'ሓቂ'፡ ንነባቢ ብፍላይ ድማ "ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከደናግረሉ እኽእል እየ" ኢሎም እንተሓሲቦም ግን፡ ንዘይፈልጥ ከደናግሩ ይኽእሉ እምበር፡ ከም ምንጪ ታሪኽ ክትውከሶ ምንም ጥቕሚ ዘለዎ ኣይኮነን። ዝወሰዱዎ ምርጫ ግን ብታሪኽ ዘሕትት ኢ-ሓላፊነታዊ ግብሪ እዩ። እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ እምበኣር እዮም ንዘመናት ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘየሎ ታሪኽ ክምግቡዎ ዝጸንሑ። ኣብ ልዕሊ ገዛእ ህዝቦም ኣኽብሮት ከምዘይብሎም ዘረድእ ወይ ዘረጋግጽ ጭብጢ ድማ እዩ። ከመይሲ፡ ከምቲ ንሳቶም ሓቂ ናይ ምፍላጥ መሰል ዘለዎም፡ እቲ ህዝቢ'ውን ታሪኹን ታሪኽ ናይቶም ምስኡ ብታሪኻዊ

ኣጋጣሚታት ጕፈ-ጕፍ ዝተራኸቡን ህዝብታት፡ በቲ ሓቀኛ መልክዑ ናይ ምፍላጥ ምሉእ መሰል ስለዘለዎ። ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ መዋእሉ ኣብ ኵናትን ዕንወትን ንኸሕልፍ ቀንዲ ጠንቂ ዝዀኑዎ ዘለዉ፡ እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጸሓፍቲ ብዝምህዙዎ ሓዲሽ ታሪኽ ወይ ብዝኸሕዱዎ ክዉን ታሪኽ እዩ። ኰሎኔል ኣስናቀ ምድንጋር ምድንጋሩ ኣግዝፍ ኣቢልካ ክሽውን ኣለዎ ግዲ ኢሎም ኰይኖም፡ ኣብ ገጽ 288 (ሸክም የማይከብደው ሕዝብ - ዋሺንግተን ዲሲ1994) ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ንረኽቦም ኤርትራውያን ብመሳርያ [ኵናት] ብምፍርራሕ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ብዘይ ድልየቶም ነታ ናይ ምርጫ ካርድ ኣብታ ናጽነት እትብል ሳጹን ከእትዉዋ ተገዲዶም። ሓደ ሰብ ነዚ ክንዲ እምባ ዝኸውን ሓሶት፡ ሓቂ ኣምሲሉ፡ ናብቲ “ወገነይ” ዝብሎ ህዝቢ ከቕርብ ክሳዕ ክንድኡ ስለምንታይ ከምዝህወኽን ስለምንታይ ንነብሱ ከሕስር ፍቓደኛ ከምዝኸውንን ክርድኣካ ኣይክእልን። ኰሎኔል፡ ህዝቢ ኤርትራ በቶም ናጽነቱ ከግዝሙዎ ዝተበገሱን መሪቖ ዘፋነዎምን ደቁ፡ ኣንጻር ድልየቱ፡ ምፍርራሕ ተገይሩሉ ድዩም ዝብሉና ዘለዉ፧ ብቐደሙ ህዝቢ ምሉእ ንናጽነትዶ ኣይኮነን ተቓሊሱን መስዋእቲ ከፊሉ ንሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መሬቱ ጸሪጉዎን ናብ ረፈረንደም በጺሑ። እዞም ኰሎኔል፡ ህዝቢ ኤርትራን እቶም ተቓለስቲ ናጽነትን ካብ በበይኑ ፕላኔታት ዝመጽኡን በበይኑ ዕላማ ዝነበሮም ፍጡራትን ኣምሲሎም ድዮም ንህዝቢ ኢትዮጵያ ከታልልዎ ደልዮም፧ ወዮም ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ወጺኦም፡ ንመሰል ህዝቢ ተቓሊሶም፡ ብኣንጸባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ናጽነት ዘምጽኡ ደቂ ህዝቢስ ነቲ ህዝቢ ኣፈራሪሖም ‘ናጽነት’ ከም ዝብል ገይሮሞ ድዮም ዝብሉና ዘለዉ ኰሎኔል - እሞ ከኣ ብዘይ ስክፍታ፡ ብዘይ ሕንከት።

ሓደ ‘ምሁር’የ’ ወይ ‘ጸሓፋይ’የ’ ዝብል ሰብ እንታይ ንምርካብ ክሳዕ ክንድኡ ንቑልቁል ከምዝድፋእ፡ ክርደኣካ ኣይክእልን’ዩ። ንኽብሮም እንተዘይተጨነቑ ንኽብሪ ቤተሰቦም ኣንበብቶም ኣይጭነቑን ድዮም። ቤተሰቦምን ፈተውቶምን ኣብዚ ጕዳይ እዚ መጽናዕቲ ክገብሩ እንተዝብገሱ’ሞ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኮይኑ ምስ ጸንሖም፡ ብኣኦም ማዕረ ክንደይ ክሓፍሩ ከምዝኽእሉ ዘይምንግንዛቦም የተሓሳስበካ። ነዚ ቀሪቡ ዘሎ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም ዘርኢ ስእሊ፡ እቶም ኰሎኔል ኣይረኣዩዎን ነይሮም ዶ’ዀን ይኾኑ፧ ኣብዚ ስእሊ’ዚ፡ ማለት ኣብ ማእከል ኣዲስ ኣበባ፡ እቲ መፈራርሒ ኣጽዋር ኣበየናይ ህንጻ’ኮን’ዩ ተተኺሉ ነይሩ እቲ ን50 ዓመታት ቅድም ብሰላማዊ መገዲ ድሓር ብዕጥቃዊ ቃልሲ ናጽነቱ ንምርካብ ዅሉ ዝውንኖ ዘበለ ዝኸፈለ ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ብቕልጽሙ ዝተጐናጸፎ ናጽነት ሕጋዊ መዕለቢ ክገብረሉ፡ ብድምጹ “ናጽነት” ኢሉ ንኽመርጽ መፈራርሒ ተገይሩሉ ምባል ምስ ምንታይ ይቝጸር፧ እዞም ኢትዮጵያውያን ምሁራት እንታይ’ዩ ጕዶም፧ ቲም ዋይዝ ዝተባህለ፡ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ተዓዛቢ ኮይኑ ዝተሳተፈ ኣመሪካዊ፡ ብመንጽር እቶም

ረፈረንደም ኤርትራ ብኣካል ዘይተዓዘቡ ኰሎኔል፡ ዝሃቦ ሓቀኛ ምስክርነት ኣሎ። 'The Meaning of a Free Vote' ኢሉ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝፈነዎ ምስክርነት፡ ከምዚ ይብል፦ "ወዲ ስሳ ዓመት ሽማግለ፡ ኣብ ርሑቕ ካብ እትርከብ ኣብ ጎቦታት ዝተደኰነት ዓዶም ብእግሮም ምሉእ ለይቲ ድሕሪ ምጕዓዝ፡ ኣብ ህይወቶም ናይ መጀመርታ ዝኾነ ብምስጢር ዝካየድ ናይ ድምጺ ምርጫ ንምሃብ፡ ኣብ ትሕቲ'ታ ተቃጽል ጸሓይ ምድረ-በዳ ንዓሰርተ ሰዓታት ደው በሉ። ሓንቲ ዓባይ ሰበይቲ፡ ድምጻን ምስ ሃባ ነታ መድመጺት ሳጹን ሰዓምኣ። ናይ ሓጐስ ንብዓት ካብ ገጸን ኰረር ኢሉ ይፈስስ ነበረ። 'ሕጂ ሰላማዊ ድቃስ ክድቅስ እኽእል'የ' ድማ በላ። ሓንቲ ኣብ ሕማም ሕርሲ ዝነበረት ነፍሰ-ጾር ኣደ፡ ናብቲ ነቚጣ መውሃቢ ድምጺ 'ግድን ው99.8% እወ ንናጽነት ከምዝነበረ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ምስክርነቱ ይውስኽ፦ "ነቲ መስርሕ ብገዝእ ኣዒንተይ እንተዘይርእየ ነይረ፡ ከምዚ ዓይነት ውጽኢት ክኣምኖ ምኸበደኒ። ... ከም ኣባልን ወግዓዊ ብዓል ስልጣንን ግራስ ሩትስ ኢንተርናሽናል (Grassroots International) ዝተባህለ ዘይመንግስታዊ ጉጅለ ተዓዘብቲ መጠን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ገጠራት መድመጺ ነቚጣታት ንዝነበረ መስርሕ ምሃብ ድምጺ ተዓዚበ እየ። ኣብ ኩሉ እቲ ዛንታ ሓደ ዓይነት እዩ ነይሩ። ድምጺ ንምሃብ ዝተወሰና ሰለስተ መዓልታት'ኳ እንተነበራ፡ ዳርጋ ኵሉ እቲ 1.1 ሚልየን ዝኸውን ከድምጽ ዝተፈቕደሉ ኣድማጺ፡ ኣብታ ናይ መጀመርታ መስርሕ ምርጫ ዝግበረላ መዓልቲ ድምጹ ንምሃብ ነዊሕ ሪጋን እተቃጽል ምድረ-በዳዊት ጸሓይን ተጻዊሩ ውዒሉ። ብሓፈሻ፡ ካብቶም ድምጾም ክህቡ ዝነበሮም ኣድመጽቲ 98% ከም ዝተሳተፉ ክግመት ከሎ፡ ኣብታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ጥራይ 90% ናይቶም ኣድመጽቲ ድምጾም ሂቦም።

ከም ብዓል ኮሎኔል ኣስናቀ ዝኣመሰሉ ዘይሓንኩ ጠምዘዝቲ ታሪኽ፡ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተሳተፉ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ተዓዘብቲ፡ ልክዕ ከም ናይ ቲም ዋይዝ ሓቀኛ ምስክርነቶም ክህቡ ዝኽእሉ ሰባት ከምዝነበሩ ክስወጦም ዘይምኽኣሉ፡ የስደምም'ዩ። ብታሪኽ ዘተዓዛዝብን ዘሕዝንን ተግባር'ዩ። 90% ናይ ኣድመጽቲ ኣብታ ፋልመይቲ መዓልቲ ከድምጹ ምኽኣሎም፡ ምስቲ 'እወ' ንናጽነት ዝተዋህበ 99.8% ተዛሚዱ ክረአ ከሎ፡ እቲ ህዝቢ፡ ማዕረ ክንደይ ንናጽነት ህርፋን ከምዝነበሮ ዝምስክር እዩ። ኣብተን ዝተረፋ ክልተ መዓልታት 10% ጥራይ ኣድሚጾም ማለት'ዩ። እቲ መስርሕ በቲ ዝተወጠነሉ ሕጋዊ መገዲ ክዛዘም ስለዝነበሮ'ምበር፡ እተን ክልተ መዓልትታት እንተዘተርፋ ነይረን'ውን፡ ኣብቲ ውጽኢት ዋላ ሓንቲ ፍልልይ ኣምበይ መምጽኣን። ስለዚ፡ መስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ 1993፡ ኣብታ ናይ መጀመርታ መዓልቲ'ዩ ተዛዚሙ እንተዝበሃል ዘኽፍእ ዘረባ ኣምበይ ምኾነን። ነዚ ዘደንቕ ብዙሓት ምሁራን

ተዓዘብቲ ዝመስከሩሉ ድሙቕ ታሪኻዊ ፍጻመ፡ 'መሳርሒ ኵናት'ን ካልእን ዝብሉ ቃላት ወሳሲኽካ ከተህስሶን ከተቛሽሾን ስለዝፈተንካ፡ ነቲ ሓቂ ክጉልብቦ ዝኽእል ይኮነን። ካልኦት ሓቀኛ ትዕዝብቶም ዝገለጹ ወገናት'ውን ኣለዉ። https://www.hrw. org/ ዝተባህለ መርበብ ሓበሬታ ንኣብነት ምስክርነት ክህብ ከሎ፤ "እቲ ምርጫ ናጻን ፍትሓዊ ከምዝነበረን ብተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራትን ብመንግስቲ ኢትዮጵያን ተረጋጊጹ'ዩ።" ይብል። ንጉጅለ ተዓዘብቲ ኢትዮጵያ መሪሑም ንመስርሕ ረፈረንደም ኤርትራ ዝተዓዘቡ ዶክተር ነጋሶ ጊዳዳ'ውን ከምዚ ዝስዕብ ብምባል ምስክርነቶም ሂቦም ነይሮም፦ "ጉጅለና ካብ ሚያዝያ 21 ጀሚሩ ኣብ ኣከለጉዛይ፡ ሰምሃር፡ ሓማሴን፡ ሰራየ፡ ሰንሒትን ባርካን ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም ክዕዘብ ክኢሉ'ዩ።

ኣብቶም መውሃቢ ድምጺ ነቚጣታት ዝነበሩ ኣገባባትን ኩነታትን ጥራሕ ዘይኰንና ተዓዚብና፡ ንብዙሓት ካብ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ናይቲ ሕብረተሰብ ዝመጽኡን ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ድሕረባይታን ፖለቲካዊ ኣተሓሳስባን ዘለዎም ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ውልቀሰባትን ሃይማኖታዊ ትካላትን (እንተላይ ተቓወምቲ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ) ኣዘራሪብና ነይርና… ብመሰረት ትዕዝብትና፡ ምይይጥናን ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ'ቶም ዝተገብሩ ትዕዝብትታትን ዘተታትን ዘካየድናዮ ገምጋምን፡ ልኡኽ ኢትዮጵያ እቲ ኣብ ቅድሚ ብዙሓት ኣህጉራውያን ውድባት ዝተኻየደ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ብናጻ፡ ብፍትሓውን ብዘይኣድልዎን ከምእተኻየደ ክገልጽ እፈቱ። (Tekie Fessehatzion. (1996). The Eritrean Referendun of 1993. In Eritrean Studies Review. Vol 1: No 1. Lawrenceville,፡ 174) ንዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ወኪሉ ኣብ ረፈረንደም ኤርትራ 1993 ዝተሳተፈ ሚስተር ሰሚር ሳምባር፡ እቲ መስርሕ ምስ ተወደአ ከምዚ ዝስዕብ ምስክርነቱ ሂቡ ነይሩ፦ "ጉጅለ ተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ኣብ ኵለን ወረዳታት ተዓዘብቲ ብምልኣኽ ካብ 23 ክሳዕ 25 ሚያዝያ ኣብ ዘለዋ መዓልትታት ካብ 1014 ድምጺ መውሃቢ ነቚጣታት ኣብ ኵለን እኳ እንተዘይኰነ ንዝበዝሓ ዓሚሙወን እዩ። ካብ 21 ሃገራት ዝተዋጽኡ 21 ኣባላት ዝነበሩዎ ቀንዲ ናይ ተዓዘብቲ ጉጅለ ኣብ መጀመርታ ለካቲት ኣብ ዝነበራ መዓልትታት እዩ ናብ ኤርትራ ዝኣተወ። ሓደ ሰሙን ቅድሚ ድምጺ ምሃብ ምጅማሩ፡ 100 ተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራት ተወሲኾሞም። ብጠቕላላ 38 ሃገራት ተወኪለን። ብተወሳኺ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ዝነብሩ ኤርትራውያን ዘካይዱዎ ምርጫ ንምጽራይ ካብ 40 ንላዕሊ ተዓዘብቲ ተላኢኾም ነበሩ። ... ብመሰረት ጉጅለ ተዓዘብቲ ሕቡራት ሃገራት ዝገበሮ ገምጋም፡ ከም ፍሉይ ወኪል ዋና ጸሓፊ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ዝተኻየደ መስርሕ ረፈረንደም፡ ነፍሲ ወከፍ መስርሕ፡ ናጻን ፍትሓውን ነይሩ ክበሃል ከምዝኽእልን መስርሕ ረፈረንደም ከም ዘዕገበኒ ከረጋግጽ ከለኹ ክብሪ

ይስመዓኒ። (The United Nations Department of Public Information. (1996). The United Nations and the Independence of Eritrea. New York. The United Nations Reproducttion Section. Document 28: 213) ከምኡ ድማ ተዓዛቢ ልኡኽ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ብመራሒኡ ኣምባሳደር ፓፓ ልዊ ፎል ኣቢሉ ረፈረንደም ኤርትራ ናጻን ፍትሓውን ምንባሩ ኣብ ጸብጻቡ (Docummment 27) መስኪሩ። ቀጺሉ ኣምባሳደር ፎል ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ዝነበሮ ድምጺ ናይ ምሃብ ናጽነት ብሰላማውን ብዘይ ዝኾነ ምፍርራሕን ጭንቀትን ከምዘካየዶ መስኪሩ። መሰርሕ ረፈረንደም ምስ ተወደአ ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ ኣብቲ ዘዳሉዎ ዝነበረ ቡለቲን ተዓዘብቲ ዝሃቡዎ ምስክርነት ሰኒዱ ይርከብ። ሒደት ካብኣቶም ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ነይሮም፦ ኣብ ሰለስቲኣን ናይ ምድማጽ መዓልታት፡ ጉጅለና ንሓንቲ'ኳ ስርዓት ኣካይዳ ምርጫ ረፈረንደም ዝጥሕስ ተግባር ኣይረኣየን። ናይቶም ሰብ መዚ ብቕዓት ኣሰራርሓን ዘይሻርነታውነትን ድማ ኣዝዩ መሲጡኒ። ብሓቂ ዝነኣድ ኣብነታዊ ዕማም። ዮሃና።

- ሚስተር ኮሊን ለጉዩም (ዓዲ እንግሊዝ) *** ኣብ ጭብጢ ብምምርኳስ፡ ውጽኢት ረፈረንደም ድልየት ናይቲ ዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ ከም ዘርኢ፡ እቲ መስርሕ ድማ ብሓፈሻኡ ናጻን ቅኑዕን ምንባሩ ነረጋግጽ። - ጸብጻብ ተዓዛቢ ጉጅለ ደንማርክ። *** ካብ ትዕዝብትታተይ እቲ ረፈረንደም ርትዓዊ፡ ብናጻን ብዘይኣድልዎን ተኻይዱ ዝብል ገምጋም ኣለኒ። - ሩሰል ሮላሰን (ኣህጉራዊ ባይቶ ግብረ ሰናይ ትካላት - ኣውስትራልያ) *** እዚ ኣብዚ ሰሙን ዝተኻየደ ረፈረንደም፡ ብዘይ ገለ ምትእትታዋትን ምፍርራሕን ብናጻ ከምዝተኻየደ ተዓዚበ። ብፍላይ ድማ ካብታ ናይ መፈለምታ ክሳብ መድመጺ ወረቐት ኣብ መድመጺ ሳንዱቕ ትኣትወላ ዘለዉ ስጉምትታት ኣገባብ ኣደማምጻ ብወገን ኣድመጽቲ ይኹን ብወገን ሰብ መዚ ስነስርዓት ዝሓለወን ባህላዊ ጠባያት ዘንጸባርቕን ኮይኑ ረኺበዮ። ብሓቂ ንኽትዕዘቦ ኣዝዩ ዘሐጉስ መስርሕ። - ኣቶ ጣሰው ፈለቀ እርገቱ (ውሩይ ውልቀሰብ - ኢትዮጵያ) *** ብተወሳኺ ትካል ኣፍሮ-ኣመሪካ ብመሰረት ትዕዝብትታቱን ምስክርነቱን ብከምዚ ዝስዕብ ኣስፊሩ ይርከብ፤ ክልተ መዓልቲ ድሕሪ ምዝዛም ረፈረንደም (ሚያዝያ 27፡ 1993)፡ ፍሉይ ልኡኽ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ረፈረንደም ኤርትራ፡ ረፈረንደም ናጻን ፍትሓውን ብዝኾነ መገዲ ከም ዝተኻየደ ኣፍሊጡ። እዚ ድማ ምስቲ ልኡኽ ትካል ኣፍሮ-ኣመሪካ ዝረኸቦ ውጽኢት ዝቃዶ እዩ። (ኮሚሽን ረፈረንደም ኤርትራ. ቡለቲን ረፈረንደም. ተዓዘብቲ እንታይ ይብሉ? (30 ሚያዝያ 1993 ገጽ 1-2) ስለዚ ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ ኮሎኔል ኣስናቀን መሰልቶምን ዕላማኦም እንታይ ምኳኑ ብዘየገድስ ዘይነበረ ክዉንነት ክፈጥሩ ካብ ደለዩ ጉዳዮም እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ግን ግዳይ ግጉይ ታሪኽ ክኸውንን ብኡ ተደሪኹ ድማ ኣብ ልዕሊ ፈታዊኡን ጐረቤቱን ህዝቢ ኤርትራ ኣሉታዊ

ስእሊ ክህሉዎን ስለዘይግባእ ነዞም ጸሓፍቲ ንጐኒ ብምግዳፍ፡ እቲ ሓቂ ክንገሮ ይግባእ።

ድሌት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ምንባሩን እንታይ ከምዝኾነን ብሕጽር ዝበለ ክምለስ ይከኣል'ዩ። ድሌት ህዝቢ ኤርትራ እንታይ ምንባሩ፡ ደቁ፡ ንብረቱ፡ ጉልበቱ፡ ገንዘቡን ግዜኡን ንዕጥቃዊ ቃልሲ ብምውፋይ ኣረጋጊጹ'ዩ። ካልእ፡ ምስክርነት ኣምበይ መድለዮን። እቶም መወዳድርቲ ኣልቦ ዕማም ዓሚሞም ዓለም ረፈረንደም ኤርትራ ክትቅበልን ክትዕዘብን ዝገበሩ ተቓለስቲ መንእሰያት እኮ፡ ካብ ካልእ ፕላኔት ዝመጽኡ ፍጡራን ኣይነበሩን። ብውሑዱ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ሃይለስላሰን ደርግን ኣደታቶም፡ ኣቦታቶም፡ ኣሕዋቶም፡ ኣሓቶም፡ ኣዕሩኽቶም፡ ኣዝማዶም፡ ጐረባብቶም ... ወዘተ. ክሳቐዩን ክቕተሉን እናረኣዩ ዝዓበዩን ጸበባኡን ራህዋኡን ዝካፈሉ ዝነበሩን ፍረ ኣብራኹ እዮም። እቲ ህዝቢ ነቶም ሰብ ዝበልዑ ዝነበሩ ስርዓታት ንምውዳቕን ናጽነቱ ንምውሓስን ደቁ ናብ በረኻ ምስ ወፈሩ ባዕሉ እናሓለዎም፡ ካብ ዘላቶ ምስኦም እናተኻፈለ፡ ባዕሉ ተዋጋኢ፡ ኣዋጋኢ፡ መዕቌቢ፡ ምንጪ ሓበሬታ . . ወዘተ ብምዃን እኮ እዩ፡ ጽምኣት ናጽነቱ ዘርኣየ። እቶም “ድሌታትካ ባዕልና ንፈልጠልካ” ብምባል፡ ንህዝቢ ኤርትራ ክነግሩዎ ቀኑብ ሕፍረት ዘይስመዮም ገለ ገለ ምሁትንን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ፡ ህዝቢ ኤርትራ ጽምኣቱ ንናጽነት ከመይ ከምዝነበረ ንኸርኢ ካብኡ ንላዕሊ እንታይ ክገብር እዩም ዝጽበዩዎ? ብኣጽዋር ኲናት ተገዲድካ ናጽነት በል ተባሂሉ ምባል እንታይ ዓይነት ድንቍርና እዩ። ስነ-ልቦናዊ ኣቋውማ ኤርትራውያን ንምርዳእ፡ ኤርትራዊ ምዃን ይሓትት'ዩ።

ኤርትራዊ ስነ-ልቦና ንምውናን ድማ ኣብ ማእከል እቲ ህዝቢ ኬንካ፡ ሕልሙ፡ ሓጐሱ፡ ሓዘኑ፡ ስቓዩ፡ ኣስተንትኖኡ፡ ቋንቋኡ፡ ፍቕሩ፡ ጽልኡ... ወዘተ ምክፋል ወሳኒ ረቛሒ'ዩ። እሞ እዞም ዘልዓልናዮም ጸሓፍቲ ድኣ ነየናይ ሽነኹ ስለዝማቐሉ'ዮም፡ ክሳዕ ክንድኡ ብድርቕና ድሌታትካ እዝን እትን እዩ፡ ኢሎም ክነግሩዎ ዝሕልኑ? ኣብ ውሽጢ ልቡ ክኣትዉን ኣትዮም ባህግታቱ ክነቡን ዘይተበገሱ ክነሶም፡ ብኸመይ'ዮም ብደገደገ ህርመት ልቡ ሰሚያምን ነቢቦምን ደፋር ገምጋም ክገብሩ ክኢሎም፧ የተሓሳስበካ! እቶም ሕብረ-ብዙሓን ዝነበሩ ተዓዘብትን እተን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት (እንተላይ ኢትዮጵያ) ዝመጽኣ መራኸቢ ብዙሓንን ጥራሕ እዮም ንሓቀኛ ስምዒት ህዝቢ ኤርትራን ነቲ ብሓርነት ዘካየዶ መስርሕ ረፈረንደምን ክምስክሩሉ ዝኽእሉ። እተን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝመጽኣ'ሞ፡ ናይ ዓይኒ ምስክርነተን ክህባ ዝኽኣላ መራኸቢ ብዙሃን እዚ ዝረአ ዘሎ ሓበሬታ፡ ዓይነት ናይተን መራኸቢ ብዙሓን ደኣ'ምበር፡ ብዝሒ ናይ ጋዜጠኛታት ኣይኮነን ዘመልክት ዘሎ። ንኣብነት ንኢትዮጵያ ወኪሎም ዝመጽኡ 11 ጋዜጠኛታት ነይሮም (10 ናይ መንግስትን ሓንቲ ናይ

ውልቅን)። ክንድዚኣተን ዝኣኽላ መራኽቢ ብዙሃን ዝተሳተፍኦን ዝመስከራሉን መስርሕ ረፈረንደም ዝተኻየደለን ሃገራት - ብዘይካ ኣብ ኤርትራ - ይህልዋዶ'ኾን ይኾና? ኣቶ ታየ ቦጋለ ዝተባህለ ጽሓፋይ (ታየ ቦጋለ. (2019). መራራ እውነት (በኢትዮጵያ ታሪክ). ዐዲስ አበባ.፡ ገጽ 384-385) ድማ ብወገኑ ንመስርሕን መንፈስን ረፈረንደም ብዘነኣእስ መገዲ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ንረኽቦ፤ “. . . ኤርትራ ኣብ ታሪኽ ዓለም ተራእዩ ብዘይፈልጥ መልክዕ ንህዝባ - እንተገደደ፦ ‘ምፍንጫል ወይስ ሕብረት?’ ዝብል ኣማራጺ ክቐርበሉ ዝግባእ፦ “ናጽነት ወይስ ባርነት?” ዝብል ምርጫ ቀሪቡሉ፣ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ከይተረፈ ኤርትራውያን ድምጾም ክህቡ ክግበር ከሎ … ኢትዮጵያ፡ ኤርትራ ወይ ናብቲ ናይ ቅድም ውሳነ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ክትምለስ ምሕታት፣ ወይ ድማ ብዛዕባ'ተን ክልተ ወደባት ክትዛተ ዝግባእ - ብኣንጻሩ መሪቓ መራሪቓ ብምሃብ፣ ካብ ኩለን ሃገራት ዓለም ጭሩ ከይቀደመታ ኣፍልጦ ሃበት። ” እዚ ምሁር'ውን፡ ነቲ ኮሎኔል ኣስናቀ ዝበሉዎ'ዩ ደጊሙ ዘሎ።

እዚ ጸሓፋይ ኣብ ዝበሎ ድማ ካልእ መስሓቕን መስደመምን ነጥቢ ኣሎ። ኢትዮጵያ፡ ነቲ ባዕላ ዘፍረሰቶ ፌደረሽን ድሕሪ ሰላሳ ዓመት ‘ትጒሽተተይ’ ኢላ ክትምለሶ ክትሓትት ነይሩዋ፡ ዝብል መጕት ኣልዒሉ ንረኽቦ። ኣቶ ታየ፡ ኣብዚ ጉዳይ ድርብ መዐየሪ (double standard) ክጥቀም ከምዝደለየ ግሁድ እዩ። ኣብ መጽሓፉ ኣብ ገጽ 384፡ ፌደረሽን ፈሪሱ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ክትጽንበር ዝተገብረሉ መገዲ፡ ንጉስ ሃይለስላሰን ኣመሪካን ብዝገበሩዎ ምስጢራዊ ስምምዕ እዩ ኢሉ ከምዝኣምን ጽሒፉ ንረኽቦ። እሞ፡ ሃይለስላሰ ባዕሎም ዘፍረሱዎ ፌደረሽን ድኣ፡ ብኸመይ መገዲ'ዩ ዳግማይ ህይወት ክዘርእ ነይሩዎ፡ ዝብል ዘሎ? ምስ ገዛእ ነብሱ ምግርጫው ካብ መረጸ፡ ዝግበር ነገር የለን። እቲ “ጓልዶ ምስ ኣዲኣ ውዕል ዝምድና ትገብር'ያ?” ተባሂሉ ፌደረሽን ንኽፈርስ ከም መመኽነይታ ዝቐረበ ሓሳብ ድሕሪ ሰላሳ ዓመት ተረሲዑስ፡ እታ ኣደ ምስ ውላዳ ውዕል ክትገብር ንቡር እዩ ክበሃል ከሎ ኤርትራውያን እንታይ ክብሉ ይኽእሉ? እህም ጥራይ! ብላዕሊ ላዕሊ ክረአ ከሎ ካብ መጕት ኣቶ ታየ ቦጋለ ዝሓይሽ ዝመስል፡ ናይ ዶክተር ያዕቆብ ኃይለማርያም ሓሳብ እዩ። (ያዕቆብ ኃይለማርያም. (2003). አሰብ የማን ናት? (የኢትዮጵያ የባህር በር ጥያቄ). አዲስ አበባ.) ከምዚ ዝስዕብ ድማ ኢሉ፦ “ሻዕቢያ ዘይሕጋዊ ኣካይድኡ ብምቕጻል ብኣቈጻጽራ ፈረንጂ ኤፕሪል 23-25፡ 1993 ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ነቲ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ ከይተዋህቦ ‘ናጻ ክትከውን ትደሊዶ ኣይትደልን’ ዝብል ሕቶ ጥራይ ቀሪቡሉ፡ እቲ ህዝቢ ብ99.8% ድምጺ (ኣካይዳ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ምርጫ ይመስል) ንኽፍንጨል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባህለ። (ገጽ 89)”

ዶክተር ያዕቆብ ኃይለማርያም ዝተባህለ ካልእ ጠምዛዚ ታሪኽ እውን ከምዚ ኢሉ ጽሒፉ፦ “ሻዕቢያ ዘይሕጋዊ ኣካይድኡ ብምቕጻል ብኣቈጻጽራ ኤውሮጳውያን ኤፕሪል 23-25፡ 1991 ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ነቲ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ ከይተዋህቦ ‘ናጻ ክትከውን ትደሊ’ዶ ኣይትደልን’ ዝብል ሕቶ ጥራይ ቀረቡሉ። እቲ ህዝቢ ድማ ብ99.8% ድምጺ (ኣካይዳ ናይ ኢትዮጵያ ሃገራዊ ምርጫ ይመስል) ንኽፍንጨል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባህለ። (ኣሰብ የማን ናት፤ ‘የኢትዮጵያ የባህር በር ጥያቄ’. አዲስ አበባ 2003 - ገጽ 89)” እዚ ጸሓፊ’ዚ እውን ነታ ‘መገንጠል’ እትብል ቃል ተጠቒሙላ። ብዛዕባ ‘ምንጻል’ ኣቐዲመ ስለዘልዓልኩዎ ምድጋም ኣይከድልን እዩ። ኣብዚ ግን ዶክተር ያዕቆብ፡ ከም መጠን ምሁር ክሓልፈን ዘይግባእ ክልተ ጌጋታት ፈጺሙ ኣሎ። እታ ሓንቲ፡ ረፈረንደም ኤርትራ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ከባቢ ክልተ ዓመታት ምስ ሓለፈ፡ ኣብ 1993 ደኣ’ምበር፡ ኤርትራ ናጽነታ ኣብ ዝተጐናጸፈትሉ 1991 ኣይነበረን። እታ ካልኣይቲ ድማ - ኣቐዲምና ከም ዝረኣናዮ - ረፈረንደም ኤርትራ፡ ኣብ ኤርትራ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኤርትራውያን ኣብ ዝርከቡለን ካልኦት ተወሰኽቲ 41 ሃገራት (እንተላይ ኢትዮጵያ) እዩ ተኻይዱ። እዘን ጌጋታት እዚኣተን፡ ሓደ ተመራማሪ ዝፍጽመን ተራ ጌጋታት ኣይኮናን። ምኽንያቱ መጽሓፉ - ይሕመቕ ይጸብቕ - ኣብ መጻኢ መወከሲ ሰነድ ምዃኑ ኣይክተርፉን ስለ ዝኾነ። ስምዒቱ ስለዝዓብለሎ ድማ፡ በቲ ውጽኢት ረፈረንደም ከምዘይተሓጐሰ፡ ወይ’ውን ከም ዘይኣመነሉ ንምምልካት ባህለት ተገብሮ (passive voice) ተጠቒሙ ‘...ንኽፍንጨል ፍቓዱ ኣርእዩ ተባህለ’ ክብል ጕስዩዎ ክሓልፍ መሪጹ። ቀጺሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ እቶም ብዝተፈላለየ መልክዕ ምስ ኢትዮጵያ ተቓሪኖም ክነብሩ ዝደልዩ ኤርትራውያን ድልየቶም ክገልጹ ስለዘይከኣሉ፡ “መስርሕ ረፈረንደም፡ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ብምሉእ ዘማለአ’ዩ ነይሩ” ኢልካ፡ ኣፍካ መሊእካ ምዝራብ ከምዘጸግም ይገልጽ። እቲ ቀዳማይ መልሲ፡ ነቲ ናይ “እወ ንናጽነት ዝብል ሚእታዊት (99.8%) ካብ 100% ምጕዳል ይከኣል ነይሩ’ዩ” ዝብል ይኸውን። እቲ ካልኣይ መልሲ ድማ “እቶም ዶክተር ኣለዉ ዝበሎም ወገናት ብርግጽ እንተድኣ ነይሮም ኮይኖም፡ ነታ ‘ኣይፋል’ እትብል ምርጫ ክወስዱ ምሉእ ዕድል ነይሩዎም’ዩ” ዝብል ይኸውን።

እዛ ‘ካልእ ኣማራጺ ከይቀረበሉ’ እትብል መጐተ፡ ብኻልኦት’ውን ክትደጋገም ትስማዕ’ያ። ባዕሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ ህዝቢ ኤርትራ ‘ናጻ ክትከውን ትደሊ’ዶ ኣይትደልን፧’ ተባሂሉ ተሓቲቱ ክብል’ዩ ገሊጹ። ከምዚ ዓይነት ሕቶ ድማ፡ ‘እወ’ ወይ ‘ኣይፋል’ ኢልካ’ዩ ዝምለስ። ስለዚ፡ ኣማራጺ ኣለዎ (ካብ ክልተ ሓደ ምምላስ ስለዝከኣል)፣ ስለዚ እቶም ምስ ኢትዮጵያ ርክብ ክህሉዎም ዝደልዩ ዝተባህሉ ወገናት፡ ‘ኣይፋል’ ብምምራጽ፡ ንዝመጽእ ምዕባለ ክጽበዩ ይኽእሉ ነይሮም’ዮም። ኣብዚ’ዩ ድማ ከም ብዓል ዶክተር ያዕቆብ ስነ-ልቦናዊ ኣቋውማ

ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይርድኡዎን ንኽርድኡዎ እውን ዓቕሚ ከም ዝሓጽሮምን ዝገሃድ። እቶም ካብ 40ታት ጀሚሮም ክሳዕ 60ታት እዋን ምፍራስ ፌደረሽን፡ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ከም ቀንዲ ዕላማ ገይሮም ዝተቓለሱ ኤርትራውያን፡ ሕቡእ ዕላማ ሃይለስላሰ ምስ ተጋህደሎም፡ ከይወዓሉ ከይሓደሩ ተጣዒሶም፡ ንስርዓታት ኢትዮጵያ “ፎእ!” ኢሎም ካብ ልቦም ኣውጺኦሞም ነይሮም’ዮም። እታ ኣብ ልቦም ኣቐሚጦም ዝተኣነኑላ ኢትዮጵያ፡ ብዛዕባኣም ኣብ ውሽጢ ልባ ዘቐመጠቶ ዝኾነ ይኹን ዝኽሪ ከምዘይነበረ ምስ ኣስተውዓሉ፡ ሕርር ኵምትር ኢሎም ተሪፎምን ምስ ደቂ ናጽነት ዝኾኑ ኣሕዋቶም ክደናገጹን ተራእዮም’ዮም። እታ ዝሓለሙዋ ምድራዊት ገነት ኢትዮጵያ፡ ንኣታቶምን ንኣሕዋቶምን ክትዓጽድ ምስ ረኣዩዋ ተበራቢሮም። ነዚ ብዝምልከት ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ (ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ. ‘ሰውራ ኤርትራ፡ ምስጓምን ምንቁልቋልን መስርሕ ውሽጣዊ ምፍሕፋሓት ሰውራ ኤርትራ’ 1994፡ 9) ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ ንረኽቦ፤“መብዛሕትኦም ካብቶም ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያ ዝብሉ ዝነበሩ፡ ካብኡ ዝረብሑ ዝመስሎም ዝነበሩ፡ መሪር ስቅያት ምስ ኣስተማቐሩ ኣንጻር ስርዓት ሃይለስላሰ ጠጠው በሉ።”

ሽዑ ንሽዑ ድማ ከም ብዓል ደጃዝማች ገብረዮሃንስ ተስፋማርያም፡ እታ ወላዲትና ዝበሉዋ ሕልማዊት ኣደኦም ነሕዋቶም ክትበልዕ ምስ ረኣዩዋ “‘ኢትዮጵያ ወይ ሞት!’ ኢልና ጸዊዕናኩም፣ ኢትዮጵያን ሞትን ድማ ሂብኩሙና” ኢሎም፡ ኣብ ቅድሚ ሰበስልጣን ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ክንዲ ኣሕዋቶም ጥብቅና ብምቛም ብድፍረት ክዛረቡ ተሰሚዖም። ቀዳማይ መራሒ መንግስቲ ኤርትራን ቀንዲ መራሒ ሕብረት ምስ ኢትዮጵያን ዝነበሩ ተድላ ባይሩ ከይተረፉ፡ ብ1967 ናብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተጸንቢሮም ነይሮም’ዮም። ስለዚ፡ ብዓል ዶክተር ያዕቆብን ካልኦት ብዙሓት ከምኣቶምን፡ እታ ‘ኢትዮጵያ! ኢትዮጵያ!’ እትብል ልቢ ኣባላት ሰልፌ ሕብረት’ውን ድሮ መስርዓ ቀይራ ምንባራ ኣይተሰወጦምን። ነታ ካብ 40ታት ክሳዕ 60ታት ዝነበረት ዝፈልጡዋ ልቢ’ዮም ዝውክሱ ነይሮምን ዘለዉን። እምበር፡ እታ ናይ ሽዑ ‘ኢትዮጵያ!’ ‘ኢትዮጵያ!’ እትብል ዝነበረት ልቢ ደኣ፡ ኣብ ረፈረንደም እኮ ተሳቲፋ’ያ። ልክዕ ቦታኣ ኣበይ ከምዝነበረ ድማ ኣብ ውሽጢ’ቲ 99.8% ውጽኢት ረፈረንደም ተረኺባ ምጽንሓ ምስክር’ዩ። ከም ቀደማ ዝነበረት ዝመስሎም’ዮም፡ “ድልየታ ኣይተማልኣላን” እናበሉ እናሻዕ ዝዝክሩዋ ዘለዉ። ልቢ ናይቶም እንደራሴ ኢትዮጵያ ኮይኖም ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ፌደረሽን ዘፍረሱን ንኤርትራ ድማ ኣብ ቢያቲ ወርቂ ገይሮም ንሃይለስላሰ ኣብ ምርካባ ወሳኒ ግደ ዝተጻወቱ ቢትወደድ ኣስፍሃ ወልደሚካኤል ንባዕላ’ኳ፡ ወገና ኣስሚራ፡ ‘እወ’ ንናጽነት ክትብል እያ መሪጻ! ነዚ’ኸ እኒ ብዓል ዶክተር ያዕቆብ እንታይ እዮም ክብሉዎ!፧ ቀጺሉ ዶክተር ያዕቆብ፡ “ናይ ኤርትራ ምፍላይ

ንኢትዮጵያውያን እውን ዝምልከት ጉዳይ ስለዝነበረ፡ ኢትዮጵያውያን ኣብቲ ምርጫ ክሳተፉ ነይሩዎም ዝብሉ ወገናት ኣለዉ” ይብል። መስደመም ነገር'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንዓመታት ዘሕለፎ ገልታዕታዕን ዝኸፈሎ መስዋእትን ድምጺ ኢትዮጵያውያን ንኽስማዕ ዘይኮነ፡ ነቲ ማሕበረሰብ ዓለምን ስርዓታት ኢትዮጵያን ድምጹ ንኽይሰምዑ ዝደፈኑዎ እዝኒ ንምኽፋት'ዩ ነይሩ። “ንብረትካ ንብረተይ እዩ” ኢሉ ምስ ዝጻብኣካ ወገን፡ ኣብ ሓደ መጋባእያ ቀሪብካ፡ ዓማጺኻ ኣብ ገዛእ ንብረትካ ምሳኻ ማዕረ ድምጺ ንኽህሉዎ መዋእልካ ኣብ ቃልሲ ኣይተሕልፎን ኢኻ። ኣብ ንብረትካ “ዓማጺኻ፡ ማዕረ ዕድል ናይ ምውሳን ባይታ ክወሃቦ ነይሩዎ” ምባል ላግጺ እምበር ካልእ ክበሃል ኣይከኣልን።

ዶክተር ያዕቆብ ዝሓዞ መርገጺ ዘይቅቡልን ሓደገኛን ምዃኑ፡ መላኩ ተገኝ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ ጸሓፊ ገሊጹዎ ንረኽቦ። መላኩ ተገኝ፡ ኤርትራውያን ብሃይማኖትን ዓሌትን ዝተመቓቐሉ ህዝቢ ምዃኖም፡ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት ንኽቕሎም ግድል ዝኾኖምን ሕቶ ዕጥቃዊ ቃልሶም ንናጽነት፡ ሕቶ መግዛእቲ ዘይኮነ፡ ሕቶ ምፍንጫል እዩ ነይሩ ኢሉ ዝኣምን ምዃኑ ኣብ ጽሑፉ ኣንጸባሪቑዎ ኣሎ። የግዳስ ኣብ ጉዳይ ረፈረንደም ምስ እንመጽእ፡ ነቲ ኩነታት ብቕኑዕ መልክዑ ተገንዚቡዎ ንረኽቦ፣ ከምዚ ድማ ይብል፤ “ሓደ ዘየካትዕ ሓቂ ጉሊሑ ወጺኡ'ሎ፤ ህዝብታት ኤርትራ - በቲ ኣዝዩ ነዊሕን ጅግንነታዊን ቃልሶም - ተዓዊቶም ኣለዉ። ጽሕፍቶ ሃገሮም ምውሳን ድማ ንኦም ይምልከት። ገለ ገለ ኢትዮጵያውያን ካብዚ ዝፍለ ሓሳብ እንተለዎምን ‘ኤርትራ ኣካል ኢትዮጵያ እያ’ እንተኢሎምን ከምኡ'ውን ካብ ህዝብታት ኤርትራ ወጻኢ፡ ካልእ ሰብ ዕድል ኤርትራ ክውስን ኣለዎ ዝብል ሓሳብ እንተቕሪቦምን፡ ሓደገኛ ዝኾነ ሕልሚ'ዮም ዘሳስዩ ዘለዉ። (Melakou Tegegn. ‘Eritrea: Evolution Towwards Independence and Beyond.’ 1994: ገጽ 75) ናብ ዶክተር ያዕቆብ ምስ እንምለስ፡ ኣብ ዝቕጽል ገጽ መጽሓፉ፡ እታ ዝቐረበት ሕቶ ‘ናጽነት ትደሊ'ዶ ኣይትደልን’ ትብል ነይራ ክብል ከምዘይጸንሐ፡ ናጽነት ወይ ባርነት ዝብል መንፈስ ስለዝነበራ፡ ነቲ ህዝቢ ኣማራጺ ኣይሃቦን ዝብሉ ሰባት ኣለዉ፡ ብማለት ነቲ ናይ ልቡ ሓሳብ ብስም ካልኦት ከተንፍሶ ንርእዮ። እታ ሕቶ፡ ‘ናጽነት ትደሊዶ ኣይትደልን፧’ ትብል ነይራ ዝበላ'ኮ፡ ንባዕላ ምርጫ እያ፣ ምኽንያቱ እቲ ኣድማጺ ‘እወ እደሊ’፡ ‘ኣይፋል ኣይደልን’ ክብል ስለእተኽእሎ። እዞም ኢትዮጵያውያን ጸሓፍቲ፡ “ኣብ 50ታት እዋን ፌደረሽን፡ ዝበዝሐ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ንሕብረት ምስ ኢትዮጵያ እዩ መሪጹ” ዝብሉ ካብ ኮኑ፡ “እቲ ህዝቢ ናጽነት ኣይደልን'ዩ ነይሩ” ማለቶም'ዩ ዘስምዕ። ከምኡ ካብ ነበረ ግን፡ እንታይ ደኣ ኣብ እዋን ረፈረንደም እቲ ዕድል እናሃለዎ “ኣይፋል ንናጽነት” ዘይመረጸ፧ ከምቲ ንሳቶም ዝብሉዎ፡ ዝበዝሐ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ውህደት ምስ

ኢትዮጵያ ዝደሊ እንተዝነብር፡ “ኣይፋል ንናጽነት” ዝብል ምርጫ ብምውሳድ፡ ካልእ ክመጽእ ንዝኽእል ኵነታት መቓመተ ነይሩ፡ ግን ኣይገበሮን። ሕልሙን ሕልሚ ናይዞም ዘልዓልናዮም ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን ኢትዮጵያ ኣብ ክልተ ጫፋት ስለዝነበረ፡ እቲ ሓቂ ካልእ ኮይኑ’ዩ ተጋሂዱ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመላእ ዓለም ብዘደነቐ መልክዕ’ዩ ናይ ልቡ ዝገበረ።

እዞም ሰባት ግን፡ ምንዮትን ክዉንነትን በበይኑ ምዃኑ ስለምንታይ’ዮም ዘይግንዘቡ፧ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣዲስ ኣበባ መምህር ናይ ሕጊ ዝኾነ ተሓጋጋዚ ፕሮፈሰር ደረጀ ዘለቀ ዝተባህለ ኢትዮጵያዊ፡ ሓደ እዋን ኣብ ‘አንድ አፍታ’ ዝበሃል መራኸቢ ብዙሃን ቀሪቡ ብዛዕባ’ዚ ንህዝቢ ዓለም ዘደነቐ መስርሕን ውጽኢትን ረፈረንደም ኣመልኪቱ ብኸምዚ ዝስዕብ ምስክርነቱ ሂቡ ነይሩ፡- “…ኤርትራውያንኮ ብጋህዲ ኣብ ሰፊሕ ህዝባዊ መድረኽ ብዝተኻየደ መስርሕ እንታይ ዓይነት ሰባት ምዃኖም ብዘየዳግም መገዲ ነጊሮሙና እዮም። ኣይኰነን ድዩ፧ ናብቲ ረፈረንደም’ኮ ብቓሬዛ ከይተረፈ ይኸዱ ነይሮም. . .። ፕሮፈሰር ደረጀ ብዛዕባ መስርሕን ውጽኢትን ረፈረንደም ሓቀኛ ምስክርነቱ ምሃቡ ዘመስግኖ እዩ። የግዳስ፡ ከምቶም ኣቐድም ኣቢልና ዝረኣናዮም ጸሓፍቲ ምዃኑ ከይተርፎ፡ ኣስዕብ ኣቢሉ፡ ነታ ዝቐረበት ሕቶ፡ ‘ናጽነትዶ ወይስ ባርነት፧’ እትብል ከም ዝነበረት ብምግላጹ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ብዛዕባኡ ዝጸንሓና ምስሊ ባዕሉ ኣህሲሱዎ። ኣብዚ ክዝከር ዘለዎ ነጥቢ፡ ኤርትራውያን ኣብ ውሳነ ስርዓት ፌደረሽን ዝኾነ ይኹን እጃም ኣይነበሮምን። ብሓይሊ እዩ ተተግቢሩ። ኣብ ምፍራሱ’ውን እንተኾነ፡ እንትርፎ ገለ ኣባላት ሰልፊ ሕብረት፡ ዝኾነ እጃም ኣይነበሮምን። ስለዚ፡ ኣብ ክልቲኦም ወሰንቲ መድረኻት ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዘይተሰምዐ ምዝካር የድሊ። ካልእ ምስታ ‘ናጽነትዶ ወይስ ባርነት’ እትብል ግግይቲ መጐተ ተተሓሒዛ ክትምለስ ዘለዋ ነጥቢ ኣላ። እታ ሕቶ ‘ናጽነት ዲኻ ትደሊ ባርነት፧’ እትብል እንተነይራ፡ እዞም ዝተጠቕሱ ጸሓፍትን ፖለቲከኛታትን፡ ብኸመይ መገዲ በተን ቀሪበን ዝነበራ ‘እወ’ን ‘ኣይፋል’ን ክትምለስ ከም እትኽእል ግን ከረድኡና እንተዝኽእሉ ግርም ነይሩ።

እታ ባዕላቶም ዝቐረጹዋ ሕቶ ክትምለስ እንተኾይና፡ ‘ናጽነት እየ ዝደሊ’ ወይ ድማ ብኣንጻሩ ‘ባርነት እየ ዝደሊ’ ብዝብል መልሲ እምበር፡ ብ’እወ’ ወይ ብ’ኣይፋል’ ክትምለስ ፈጺማ ኣይትኽእልን እያ። ንኣብነት ሓደ ሰብ፡ ‘’ኣራንሺዶ ይሕሸካ ወይስ ባናና፧’ ተባሂሉ እንተተሓቲቱ፡ ‘እወ’ ወይ ‘ኣይፋል’ ኢሉ ክምልስ ኣይክእልን እዩ። ‘ኣራንሺ ይሕሸኒ’ ወይ ድማ ‘ባናና ይሕሸኒ’ ኢሉ’ዩ ክምልስ ዝኽእል። ስለዚ፡ እታ ቀሪባ ነይራ ዝብሉዋ ሕቶን እተን ዝነበራ ክልተ ሓቀኛ ምርጫታትን ‘እግርን ከበሮን በበይኑ’ እየን ነይረን። ኮይኑ ድማ፡ ምስ ሓቂ ስለ ዝተጋጨዉ፡ መጐተኦም ብላሽ ኮይኑ ተሪፉ።

ድሕሪ ፍሽለት 6ይን 7ይን ወራር ሰውራ ኤርትራን ስርዓት ደርግን ኣብ መድረኽ ጃላነት እዮም ኣትዮም። ህ.ግ. ድኽመት ስርዓት ደርግ ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ ጥሪ 1984 "ወፍሪ ትንሳኤ" ብዝሰመዮ ስርሒት ኣብ ከተማ ተሰነይ መጥቃዕቲ ብምፍናው ነታ ከተማን ከባቢኣን ተቘጻጸሮ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ድማ፡ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣጥቂዑ፡ "ውቃው እዝ" ንዝተባህለ ገዚፍ ክፋል ሰራዊት ኢትዮጵያ ምሉእ ምሉእ ደምሰሶ። እዚ ክልተ ግጥማት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብርክት ዝበለ ኣጽዋራትን ተተኰስቲን ብምምንዛዕ ሓይሉ ዝያዳ ኣደልዲሉ ዝወጻሉ ብምንባሩ ከም መድረኽ መቐይሮ ዝውሰድ እዩ። ድሕሪ'ዚ እውን መጥቃዕትታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ቀጺሉ፡ ኣብ ግንቦት ናይቲ ዓመት'ቲ፡ ኣሃዱ ፍሉይ ስርሒታት ኮማንዶ ኣብ ወተሃደራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ በርቃዊ ተርግእ ብምፍጻም 33 ነፈርቲ ውግእ ኣዕነወ። በዚ ስርሒታት'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ክዛዙ ጀመረ። ኣብ መፋርቕ 1985 ድማ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ነታ ሓያል ዕርዲ ሰራዊት ደርግ ዝነበረት ከተማ ባረንቱን ከባቢኣን ኣጥቂዑ ተቘጻጸራ። በዚ ግስጋሰ'ዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሓይሊ ኣኻኺቡ፡ ንከተማ ባረንቱ ንምሓዝ ነዊሕ ምርብራብ ኣካየደ። ኣብ ሓንቲ ከተማ ክሳብ ክንድኡ ምትህልላኽ ንረብሓ ሰውራ ዘገልግል ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ከተማ ባረንቱን ተሰነይን ምዕራባዊ ኤርትራን ኣዝሊቑ፡ ናብ ቀወምቲ ዕርድታቱ ሳሕል ተመልሰ። በቲ ህዝባዊ ግንባር ዝወሰዶ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ዝተተባብዐ ስርዓት ደርግ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ተዳኺሙ እንከሎ ሕጂ ምቅባጹ ብዝብል ኣጉል ገምጋም፡ ዘሎ ሓይልታቱ ኣኻኺቡ፡ ኣብ ጥቅምቲ 1985 "ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ" ኢሉ ዝሰመዮ መጠነ ሰፊሕ ወራር ብምብጋስ ናብቲ ድሕሪ ምድምሳስ ውቃው እዝ ገዲፍዎ ዝነበረ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመሊሱ፡ ኣብ ቀወምቲ ዕርድታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብቐንዱ ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ሓያል መጥቃዕቲታት ፈነወ። እንተኾነ ኣብ ክልተ ገጻት ወፍሪ ባሕረነጋሽ ስርዓት ደርግ ንዕርድታት ሳሕል ክሰብሮ ኣይከኣለን። በዚ ድማ ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ እውን ከም ካልኦት ወራራት ድሕሪ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ምርብራብ ዘፍ በለ።

## መትከል ርእሰ ምርኰሳ

ካብ ወተሃደራዊ ግጥማት ወጻኢ ዝነበረ ምዕባለታት ሰውራ ምስ እንምልከት፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንቃልሲ ካብ ዝብገስ ኣትሒዙ ጠለባት ሰውራ ዘማልእ ደጀን ምምስራትን ምምዕባልን ከም ዕላማ ሒዙ ዝሰርሓሉ ዝነበረ እዩ። ምስ ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕን ምንዋሕ ኲናትን ተኣሳሲሩ ድማ፡ እዚ ዕማም'ዚ ብስፍሓት ክስርሓሉ ጀመረ። ብርግጽ ድማ፡ ህዝባዊ ግንባር "ርእሰ

ምርኰሳ” ዝብል መትከልን እምነትን ኣብ ተጋደልቱ ብምስራጽ፡ ኣብ ሳሕል ክምስርቶ ዝኸኣለ ደጀን፡ ካብ ናይ ብዙሓት ሓርነታውያን ምንቅስቓሳት ዝተፈልየ እዩ። ህዝባዊ ግንባር፡ ዓቕሚ ሰውራ ብኹሉ መዳያት ንምጥንኻር፡ ብዙሕ ካብቲ ንሰውራ ዘድሊ ቀረባት ዘማልእ፡ ዓበይቲ ናይ ዕጥቂን ስንቂን መኽዘናት፡ ጋራጃትን ዝተፈላለየ ናይ ጽገና ትካላትን መስሪቱ፡ ክዳውንቲ፡ ጫማታት፡ ውጽኢት ሓጺንን ዕንጸይቲን ፕላስቲክን ኣቍሑ፡ እንተላይ መደሃኒትን ኢንፌዩዥንን ዘፍሪ ፋብሪካታት ኣቍሙ፡ ክሳብ ናይ ልቢ መጥባሕቲ ዘካይድ ምዕቡል ሆስፒታላትን ዝተፈላለየ ናይ ምርምር ትካላትን፡ ኣገልግሎት ማሕተም፡ ፈነወ ሬድዮን ካልእን ዘጠቓልል ሰፊሕን ምዕቡልን ደጀን እዩ ሃኒጹ። ኩሉ’ዚ ትካላት’ዚ ኣብ ትሕቲ መሬት ኣብ ዝተሃንጸ ኣባይቲ ብለይቲን ቀትሪን ንጥፈታቱ የካይድ ነበረ። ብዘይካ’ዚ ተጋዳላይ፡ ብመትከል ርእሰ ምርኰሳ ተመሪሑ፡ ብመግቢ ርእሱ ንምኽኣል፡ ንሕርሻ ምቹእ ኣብ ዝኾነ ከባቢታት፡ ኣጻድፍ ከይተረፈ እናጽፍሐን እናደላደለን ገለ ክፋል ናይ መግቢ ጠለባቱ የማልእ ነበረ። ንጥፈታት ደጀን፡ እቲ ሰውራ ኣብ ውትህድርና ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን መዳያት ብርቂ ምዕባለታት ከምዝገብብ ኣኽኢሉዎ እዩ።

## ካብ ጃላነት ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ

ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ (8ይ ወራር) ናይ መጨረሽታ ወራር ስርዓት ደርግ እዩ ነይሩ። ድሕሪኡ ሰራዊት ደርግ ኣዝዩ ስለዝተዳኸመ ኣብ ምክልኻል እዩ ኣትዩ። በዚ ድማ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብሓደ ወገን ናይ ደጀን ንጥፈታቱ ዝያዳ ብምሕያል፡ ወተሃደራዊ ክእለት ኣባላቱ ክብ ዘብል ስልጠናታት እናካየደ፡ ኣብ ድሕሪ መስመር ጸላኢ ናይ ደባይን ሃንደሳን ኣሃዱታት ብምንቅስቓስ፡ ንሓይሊ ጸላኢ ዘዳኽምን ዘልምስን ማእለያ ዘይብሎም መጠነ ንኡስን ዓበይቲን ስርሒታት እናሰላሰለ፡ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዘሰጋግር ቅድመ ምድላዋቱ የጻፍፍ ነበረ። ኣብ ርእሲ ሓይሊ ምድሪ ድማ፡ ናይ ሓይሊ ባሕሪ ኣሃዱ ኣቍሙ፡ ኣብ ክሊ ባሕሪ ኤርትራ ወተሃደራዊ ህላወኡ ኣረጋገጸ። ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ንሱዳን ኣትያ ኣብ ዝተበታተነትሉ እዋን፡ ቃልሶም ክቕጽሉ ዝመረጹ ተጋደልቲ ተ.ሓ.ኤ. ነበር፡ “ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ማእከላይ ባይቶ” ወይ ድማ “ሳግም” ዝተባህለ ውድብ ኣቍሞም፡ ኣብ 1983 ምስ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ምርድዳእ ብምብጻሕ፡ ኣብቲ ዝካየድ ወተሃደራዊ ግጥማት ኣበርክቶ ክገብሩ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ ኣትዮም ነበሩ። ተ.ሓ.ኤ. ማእከላይ ባይቶ፡ ናብ ሜዳ ድሕሪ ምእታዉ፡ ከም ርእሱ ዝኸኣለ ውድብ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ንጥፈታት ከካይድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ መወዳእታ ምስ ህዝባዊ ግንባር ክጽንበር ወሰነ። ኣብ 1987 ከኣ ካልኣይን ሓድነታዊን ጉባኤ ዝተሰምየ፡ ን2ይ

ጉባኤ ህ.ግ.ን ናይ ክልቲኦን ውድባት ናይ ስምረት ወግዒን ዘጠቓለለ ጉባኤ ተኻየደ። ኣብዚ ጉባኤ'ዚ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ዝሓለፈ ጉዕዞ ሰውራ ብደቂቕ ድሕሪ ምግምጋም፡ መግዛእታዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ካብ መላእ ሃገር ብምጽራግ ናጽነት ኤርትራ ጋህዲ ንምግባር ዘኽእል ፖለቲካዊን ወተሃደራዊን ስትራተጂ ሓንጸጸ።

ድሕሪ 2ይን ሓድነታዊን ጉባኤ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ናይ ድሕሪ መስመር ስርሒታት ዝያዳ ብምጽዓቕ ብባሕሪ'ውን ንኣሽቱ ስርሒታት ምክያድ ቀጸለ። ብደባይን ተንቀሳቓሲን ስርሒታት ንሰራዊት ስርዓት ደርግ ድሕሪ ምድኻም ድማ፡ ኣብ መፋርቕ 1987 ኣብ ግንባር ናቕፋ ተበግሶ ብምውሳድ፡ ንቐዳማይ ዕርዲ ጸላኢ ኣፍሪሱ፡ ንሰራዊት ደርግ ካብ ግንባር ናቕፋ ቁሩብ ንድሕሪት ክደፍኦ ከኣለ። እዚ መጥቃዕቲ'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ከምዝዛዘወ ብምንጻር፡ ሰውራ ኤርትራ ናብ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዝሰጋገረሉ እዋን ከምዝበጽሐ ኣበሰረ። ኣብ መጋቢት 1988 ድማ፡ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ነቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዓሪዱ ዝነበረ፡ ስርዓት ደርግ ብሉጽ ሰራዊት ኢሉ ዝምክሓሉ "ናደው እዝ" ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ብምድምሳስ፡ ንግንባር ናቕፋ ምሉእ ብምሉእ ኣፍሪሱ ንከተማ ኣፍዓበት ተቈጻጸራ። ምድምሳስ ናይዚ ገዚፍ ሓይሊ ጸላኢ'ዚ፡ ስዕረት ሰራዊት መግዛእትን ናጽነት ኤርትራን ናይ ግዜ ጉዳይ እምበር ዘይተርፍ ምዃኑ ዘረጋገጸ፡ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዓቢ ነጥበ መቐይሮ ነበረ። ህዝባዊ ሰራዊት ኣብዚ ውግእ'ዚ ቅድሚኡ ዓጢቕዎ ዘይፈልጥ ስትራተጂያዊ ኣጽዋራት ከም 130 ሚ.ሜ. መዳፍዕን ቢ.ኤም 21 ወንጫፊ ሮኬትን መንዚዑ ናይ ተኹሲ ሓይሉ ክብ ኣበለ። ንፈለማ ግዜ ድማ ንስርዓት ደርግ ካብ ዘማኽሩ ዝነበሩ መኰንናት ሕብረት ሶቭየት 3 ክማርኽ ከኣለ። ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ ደርግ ምስ መንግስቲ ሶማል ኣብ ስምምዕ ብምብጻሕ፡ ኣብ ምብራቕን ምዕራብን ኢትዮጵያ ዝነበረ ሰራዊት ኣኻኺቡ፡ ብብርቱዕ መጥቃዕቲታት ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንድሕሪት ንምምላስን ኣፍዓበት ዳግም ንምቁጽጻርን ደጋጊሙ እኳ እንተፈተነ፡ ክዕወት ኣይከኣለን። ኣብ 1989 እውን ብተመሳሳሊ ንግንባር ኣፍዓበት ክሰብር ፈቲኑ ኣይተዓወተን። ብኣንጻሩ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብምብራቓዊ ጎላጉል ኣብ ዘካየዶ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ደርግ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ኣውሪዱ ብዙሓት ታንክታት ከቃጽልን ክማርኽን ከኣለ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ምስ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት ፈጢሩ ኣብ ኢትዮጵያ ዝንቀሳቐስ ዝነበረ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ክፍለ ሃገር ትግራይ ወተሃደራዊ ስርሒታት ብምንጥጣፍ፡ ንብዙሕ ክፋላት መሬት ትግራይ ተቈጻጺሩ ንኤርትራ ምስ ማእከል ኢትዮጵያ ዘራኽባ መስመር ክዓጽዎ ከኣለ። ድሕሪ'ዚ ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ምስ ኤርትራ ዝነበሮ ርክብ ብመገዲ ወደባት ምጽዋዕን ዓሰብን ጥራይ ኮነ።

በዚ ምዕባለታት'ዚ ተሰፉ ዝቖረጸ ስርዓት ደርግ፡ ብመንጎኛነት ፕረዚደንት ኣመሪካ ነበር ጂሚ ካርተር ምስ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ዘተ ክኣቱ ተገደደ። ይኹን'ምበር፡ ብምሉእ ናጽነት ኤርትራ ክእመን ትብዓትን ቅሩብነትን ኣየርኣየን። ክንዲ ዝኾነ እቲ ዘተ ዝኾነ ፍረ ኣየምጽአን። ድሕሪ ምድምሳስ ናደው እዝ ናብ መድረኽ ስትራተጂያዊ መጥቃዕቲ ዝተሰጋገረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ኣብ ለካቲት 1990 "ስርሒት ፈንቅል" ብዝተሰምየ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ወፍሪ፡ ኣብ ምብራቓዊ ጎላጉል ዓሪዱ ንዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ጸራሪጉ፡ ንጽርግያ ኣስመራ ባጽዕ ድሕሪ ምብታኽ፡ ብ10 ለካቲት ንወደባዊት ከተማ ምጽዋዕ ተቘጻጸራ። ኣብ ከበሳታት ኤርትራን ከረንን ዝነበረ ሰራዊቱ ድማ፡ ክሳዱ ተሓኒቑ፡ ምስ ኣዲስ ኣበባ ርክቡ ብነፈርቲ ጥራይ ኮነ። ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል ህዝባዊ ሰራዊት፡ ንደቡብ ብምጥዋይ ንከተማታት ሰንዓፈ፡ ዓዲ ቐይሕን ሰገነይቲን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ኣእተወን። ሰራዊት ደርግ ድማ ኣብ መንጎ ደቀምሓረን ከረንን ተሓጺሩ፡ ኣብ ምሉእ ከበባ ኣተወ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ገለ ክፋል መካናይዝድን ኮማንዶን ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ኣብ ጎድኒ ሰራዊት ኢህወደግ ብምስላፍ፡ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ መጥቃዕትታቶም ብምሕያል ክሳብ ከባቢ ጎንደርን ሰሜን ሸዋን ክበጽሑ ከኣሉ። ቀጺሎም ድማ ንክፍለ ሃገር ጎጃምን ወለጋን ብምቁጽጻር ናብ ኣዲስ ኣበባ ገጾም ኣቕንዑ። ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብወገኑ ኣብ ደንካልያ ተኸታታሊ መጥቃዕቲታት ብምክያድ ንጢያን ዕዲን ተቘጻጺሩ ናብ ዓሰብ ገጹ ይግስግስ ነበረ። ኣብ ግንቦት 1991 ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከተማ ደቀምሓረ ኣጥቂዑ፡ ገጹ ናብ ኣስመራ ምስ ኣቕንዐ፡ መራሒ ኢትዮጵያ ዝነበረ ኮሎኔል መንግስቱ ሃይለማርያም ውድቀቱ ናይ መዓልታት ጉዳይ ምዃኑ ተረዲኡ፡ ካብታ ሃገር ሃደመ። ዓርቢ 24 ግንቦት 1991 ድማ ህዝባዊ ሰራዊት ንርእሰ ከተማ ኤርትራ ኣስመራ ብምቁጽጻር፡ ሓርነት ኤርትራ ኣበሰረ። ብ27 ግንቦት ከኣ እቲ ብደንከል ዘጥቅዕ ዝነበረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ንከተማ ዓሰብ ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ ምሉእ መሬትን ባሕርን ኤርትራ ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ሓራ ወጸ። ብ28 ግንቦት 1991 ከኣ፡ ሓይልታት ኢህወደግን ወሃብቲ ደገፍ ኣሃዱታት ህዝባዊ ግንባርን ንከተማ ኣዲስ ኣበባ ተቘጻጸሩዋ። በዚ ድማ ዕምሪ ስርዓት ደርግ ኣኽተመ።

ብቑጽሪ ውሑድ ግን ከኣ ተባዕ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ገዛእ ዓቕሙ ብምምርኳስ በይኑ ኣንጻር ብዓቕሚ ኣዝዮም ጸብለል ዝብልዎ ሓይልታት ገጢሙ፡ መሰል ርእሰ ውሳነኡ ከረጋግጽ መስዋእቲ ልዕሊ 65,000 ብሉጻት ተጋደልቱ ከፊሉ'ዩ። ብግፍዒታት ጸላኢ ዝሃለቑ ሰላማውያን ሰባት እውን ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝግመቱ እዮም። ኣብ መወዳእታ ግን ህዝቢ ኤርትራ ነዚ ረዚን ዋጋ'ዚ ከፊሉ፡ ንኣስታት ፍርቂ ዘመን ኣብ ቅድሚኡ ከም ዓቢ እምባ ተገቲሩ ዝነበረ ዕማም ምብራር መግዛእቲን ምርግጋጽ ናጽነትን ልኡላውነትን ብኣንጸባራቒ ዓወት

ዛዚሙዎ። ህዝቢ ኤርትራ ብገዛእ ቅልጽሙን ጅግንነታዊ መኸተኡን ኣኽሊል ሓርነቱ ይድፋእ እምበር፡ እምነቱ ወትሩ ኣብ ሕጊ እዩ። ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝፈጸመቶ ግህሰት ፈደረሽንን ቅሉዕ ጎበጣን፡ ንብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ሕጋዊ መኸተ ዝገብሮ እዩ። በዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ብወተሃደራዊ ሓይሊ ናጽነት ምርግጋጹ ሕጋዊ እዩ ነይሩ። ይኹን እምበር መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ “ናጽነት” ምርጫ ናይ ኣባላቱ (ተጋደልቱ) ጥራይ ዘይኮነ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ድሌት ምዃኑ ብዕሊ ከረጋግጽ ኣብ ሚያዝያ 1993፡ ወከልቲ ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ካልኦት ኣህጉራውያን ተዓዘብቲን ዝተረኸብዎ፡ መላእ ህዝቢ ብልዑል ሃገራዊ ወኒን ንቕሓትን ዝተሳተፎ ህዝባዊ ረፈረንዱም ኣካየደ። 99.8% እወ ንናጽነት ብምድማጽ ከኣ፡ ልኡላውነቱ ሕጋውነት ኣልቢሱዎ። ድሕሪ'ዚ፡ ኣብ ግንቦት 1993፡ ኤርትራ ብወግዒ ልኡላዊት ሃገር ኮይና ኣባል ውድብ ሕቡራት ሃገራት ንምዃን በቕዐት።

ምርግጋጽ ሃገራዊ ናጽነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡ መዕጸዊ ናይ ሓደ ዓቢን ክቡርን ምዕራፍ፡ መኸፈቲ ናይ ካልእ ሓድሽ ምዕራፍ እዩ ዝነበረ። ብኽቡር መስዋእቲን መሪር ተጋድሎን ዝተጨበጠ ሃገራዊ ናጽነት፡ ብቁጠባዊ ሓርነት ተደሪዑ፡ ናይ ብሓቂ ትርጉም ዘለዎ ናጽነት ንክኸውን ድማ፡ ካልኣይ ገድሊ ምህናጽ ሰላም፡ ፍትሒን ራህዋን ዝሰፈኖ ሃገር ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ተገተረ። እዚ፡ ካብ ሓሙኹሽቲ ናይ ኲናት ተንሲእካ፡ ካብ ትሕቲ ባዶ ነቒልካ፡ ስልጡን ሃገር ናይ ምህናጽ ብድሆ፡ ካብ ቃልሲ ንፖለቲካዊ ሓርነት እንተ ዘይከቢዱ ዝንእስ ኣይነበረን። ከምቲ ናጽነት ንምምጻእ ምስቲ ዕላማ ዝሰማማዕ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ውሕሉል ወተሃደራዊ ስትራተጂ፡ ሓያል ውዳበን ብሱል ኣመራርሓን ዘድለየ፡ ምዕቡልን ፍትሓዊን ሕብረተሰብ ንምህናጽ እውን፡ ኣብ ንጹር መትከላት ዝተመስረተ ፖለቲካዊ ፕሮግራም፡ ሓያል ውዳበ ሰብኣዊን ነገራዊን ጸጋታት ሃገር፡ ውፉይ ኣመራርሓ ኣዝዩ ወሳኒ ብምዃኑ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ኣብ 1994፡ ኣብታ ርእሰ ከተማ ገድሊ ዝነበረት ከተማ ናቕፋ፡ 3ይ ጉባኤኡ ብምክያድ፡ መስርሕ ህንጸት ሃገርን ኩሉ መዳያዊ ልምዓትን ዘማእዝን ሃገራዊ ቻርተር ምእንቲ ደሞክራሲ፡ ፍትሒን ራህዋን ዝሰፈኖ መጻኢ ዝተሰምየ ራእይን ፕሮግራምን ዝሓዘ ሃገራዊ መርሓ ኣጽዲቑ፡ ስሙ ናብ “ህዝባዊ ግንባር ንደሞክራሲን ፍትሒን” ቀየሮ። ጎኒ ጎኒ'ዚ ፖለቲካዊ መስርሕ'ዚ፡ ብኲናት 30 ዓመትን ተፈጥሮኣዊ ምምዝባልን ዝዓነወ ቁጠባ ሃገር ንምሕዋይን ንምብርባርን ዝዕላማኡ ማክሮ ቁጠባዊ ፖሊሲ፡ ከምኡ'ውን ቀዳምነታቱ ዝሰርዐ ልምዓታዊ ስትራተጂ ተሓንጺጹ፡ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሓርነት፡ ንሰብ ብፍላይ ከኣ ነቲ ህይወቱ ከይበቐቐ ምእንቲ ሃገር ዝተወፈየ ኤርትራዊ ሰብ እትበቅዕ ብኹሉ መዳያ ስልጥንቲ ሃገር ናይ ምህናጽ ዕማም፡ ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ሃገር ተበራበረ።

ኣብ መፋርቕ 1994 ከኣ፡ መንእሰያት ብመገዲ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኣብ ህንጸት ሃገር ብኣድማዕነት ዝሳተፉሉ ውዳበ ተኣታተወ። በዚ ድማ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ተኣምር ናይ ናጽነት ኣብ ልምዓት እውን ቅያ ንምፍጻም፡ "ሻማ" ክብል ጀመረ። ቀዳሞት 7 ዓመታት ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ዑና ሓርነታዊ ኲናት ነቚሉ፡ ብልዑል ጻዕሪን ተወፋይነት ኣብ ኩሉ ጽላታት ልምዓታዊ ገድሊ፡ ብገምጋም ዓመታዊ 7% ቁጠባዊ ዕብየት እናመዝገበ፡ ንመድረኽ ዳግመ ሕውየት ሰጊሩ፡ ጽግዕተኛነትን ናይ ረድኤት ባህሊን ዘወግድ፡ መንፈስ ርእሰምርኰሳን ዓያይነትን ዝሑስኵስ ፖሊሲታት ብምትእትታው፡ ልክዕ ከም ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ መስርሕ ህንጸት ሃገር'ውን ኣብ ገዛእ ዓቕሙን ጸጋታቱን ተኣማሚኑ፡ ኣብ መንጠሪ ኣርከን ንቅልጡፍ ምዕባለ ክረግጽ ዝተቓራረበለን ዓመታት ነበራ።

**ደግሲ ዓመጽ**

ግጭት ኢትዮ-ኤርትራ ቅድሚ ምውልዑ ዝነበረ ሸውዓተ ዓመታት (1991-1998)፡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሰሪ ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያላን ኣብ ልዕሊኦም ዝተሰገደደ፡ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ዘስዓበሎም፡ ነዊሕ ኲናት ሰጊሮም፡ ብመጠኑ ቅሳነት ረኺቦም ፍረ ሰላምን ጥዑይ ዝምድናን ከስተማቕሩ ዝጀመሩሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ ድሕሪ 30 ዓመት መሪርን ደማዊን ኲናት፡ ኣብ መንጎ ክልቲኣን ሃገራት ክምዕብል ጀሚሩ ዝነበረ ጽቡቕ ዝምድና ብዝምልከት ተሓቲቱ ምላሽ ኣብ ዝሃበሉ ከምዚ ኢሉ ነይሩ።

"ጉርብትና ህዝብታት እንተፈቶኻ እትቀራረበሉ፡ እንተዘይደሊኻ ኣርሒቕካ እትኸደሉ ጉርብትና ናይ ገዛ ክራይ ኣይኮነን። ስለዚ ንጉርብትና ህዝብታት ከም ምርቓ ወሲድካ ብስኒት ብሓባር ካብ ምንባር ወጻኢ፡ ካልእ ኣማራጺ መተካእታ ዘለዎ ኣይኮነን...." ቃላት ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምስ ምርግጋጽ ናጽነት፡ ኣብ ህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ ዝነበረ ሰናይ ድሌትን ቅኑዕ ባህጊን ዘጉልሑ እዩ። በዚ መንፈስ'ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብ ልዕሊኡ ናይ ዝተፈጸመ ዓመጽን መሪር ግፍዒታትን ካሕሳ ክሓትት ግቡእ እኳ እንተነበረ፡ ንቕድሚት ብምጥማት፡ ሕሉፍ በደላት ገዛእቲ ኢትዮጵያን ደገፍቶምን ንታሪኽ ገዲፉ፡ ዘባና ናብ ሓድሽን ትስፉውን መድረኽ ዝኣትወሉ ባይታ ንምፍጣር ሃናጺ ተበግሶታት ክወስድ ጀሚሩ። ኢትዮጵያ ወደባት ኤርትራ ብናጻ ክትጥቀም ኣብ ርእሲ ምፍቃድ፡ ክልቲኣን ሃገራት ሓባራዊ ኮሚሽን ሚኒስተራት ብምቛም፡ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ዝተሓጋገዛሉ ባይታ ክፈጥራ ኣበርቲዑ ሰሪሑ። ንኣስታት ፍርቂ ዘመን ንዞባና ዝሓመሰ፡ ዘይምርግጋእ ተወጊዱ፡ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ክንዲ

ዞባ ውግእን ወረ ውግእን፡ ዞባ ልምዓትን ሓባራዊ ምትሕግጋዝን ዝኾነሉ ባይታ ንምጥጣሕ ከኣ፡ ንሃገራት ምብራቕ ኣፍሪቃ ብኣባልነት ዝሓቍፍ ውድብ ኢጋድ ዝነጥፈሉ ዝነበረ ውሱን ዕላማታት ዝያዳ ንኽሰፍሕ ብምድራኹ፡ ዞባዊ ልምዓት ዘወሃህድ ውድብ ክኸውን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ገይሩ።

መንግስቲ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፡ ቅልውላዋትን ዘይምርግጋእን ኣብ ዶባት ሓንቲ ሃገር ተሓጺሩ ዘይተርፍ፡ ንሃገራት ጎደቦ እውን ብኣሉታ ዝጸሉ ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ቅልውላዋትን ግጭታትን ዞባና፡ (ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ሱዳን፡ ሶማል፡ የመንን ካልእ ከባቢታትን) መፍትሒ ንኽረክብ ዓቕሙ ዘፍቅዶ ሃናጺ ጻዕርታት ካብ ምክያድ ኣይተቘጠበን። ብደረጃ ዞባ እዚ ዝተጠቕሰ ሃናጺ ተራ እናተጻወተ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር እውን፡ ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ስርዓት ብምፍጣር፡ ልዑል ስኒትን ሃገራዊ ሓድነትን፡ ከም ውጽኢቱ ድማ ዘተኣማምን ውሽጣዊ ጸጥታን ሰላምን ከረጋግጽ ክኢሉ። በዚ ረቛሒታት'ዚ፡ ኤርትራ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሸውዓተ ዓመታት ናጽነት፡ ብብዙሓት ተዓዘብቲ፡ ቀንዴል ተስፋ ኣብዚ ጸልማት ኣህጉር ተባሂላ ክትስመ ጀሚራ ነይራ። ኤርትራ፡ ኣብ ቁጠባ እውን፡ ንሓደገኛ ሳዕቤናት ወልፊ ረድኤት ከሎ ገና ተገንዚባ፡ ርእሰ ምርኰሳ ብምምራጽ፡ ግዳማዊ ምጽወታ ዘይኮነ ሽርክነት ዕላማኣ ብምግባር፡ ዓቕሚ ህዝባን ውሽጣዊ ጸጋታታን ወዲባ ኣብ ከቢድ ልምዓታዊ ዕዮ ብምጽማድ፡ ኣብዘን ዝተጠቕሳ ሸውዓተ ዓመታት፡ በሰላታት ኲናት ብቕልጡፍ ኣሕውያ፡ ኣብ መወንጨፊ ባይታ ንስሉጥ ምዕባለ ክትረግጽ ተቓሪባ ነይራ። የግዳስ፡ እዚ ኣብ መትከል ርእሰ ምርኰሳ ዝሰረተ፡ ንፖለቲካዊን ቁጠባዊን ተጽዕኖን ምትእትታውን ግዳማውያን ሓይልታት ዘይድግፍ መርገጺ ኤርትራ፡ ብሓይልታት ዕብለላ ኣይተፈትወን። ኣብ ርእሲ'ቲ "ናጽነት ኤርትራ ንስትራተጂያዊ ረብሓና ኣየገልግልን'ዩ" ዝብል ጸኒሕ ፖሊሲ ከኣ፡ እዚ ጽግዕተኛነት ወጊድ ኢሉ፡ ንግዳማዊ ምትእትታውን ጸቕጢን ዘይርዕም ኣካዪዳ ናይዛ ሓዳስ ሃገር ኤርትራ፡ ክርሃት (ጽልኣት) ምፍጣሩ ኣይተረፈን።

እቲ ኣብ ግንቦት 1998 ብዶብ ተሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተኣወጀ ወራር ከኣ፡ በዚ ዝተጠቕሰ ምኽንያታት'ዚ ብድርኺት ግዳማውያን ሓይልታት ዝተበገሰ እዩ። ኣብቲ ፈለማ ዶባዊ ምስሕሓብ መሲሉ እኳ እንተተራእየ ኣብቲ ዝቕጽለ ዓመታት ግን፡ እቲ ውዲት ዕርቃኑ እናወጸ እዩ ከይዱ። መንግስቲ ኤርትራ፡ ኣብቲ ነዊሕ ሓርነታዊ ኲናት ኣብ መንጎ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተመስረተ ናይ ቃልሲ ምሕዝነት፡ ከምኡ'ውን ድሕሪ ናጽነት ክምዕብል ዝጀመረ ሰናይ ጉርብትና ኣብ ሓደጋ ከይወድቕ ብምስጋእ፡ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ ምትዅታዅ ብዓቕልን ልቦናን ሓላፍነታዊ መንፈስን እዩ ሒዙዎ። ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓቂ "ናይ ዶብ ጸገም ኣሎ" ዝበሃል እንተኾይኑ፡

ብልዝብ ምእንቲ ክፍታሕ ድማ፡ ነቲ ጉዳይ እትከታተልን ፍታሕ እተናዲን ኮሚተ ክትቀውም ደሪኹ። ብ6 ግንቦት 1998፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ መጥቃዕቲ ተፈጺሙ፡ ረጽሚ ምስ ተወልዐ እውን እንተኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ እቲ ጉዳይ ከይተዋዓውዐ፡ ብቐልጡፍን ስቱርን መገዲ ክግታእ ብዙሕ ጽዒሩ እዩ። እንተኾነ ብ13 ግንቦት 1998፡ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ብወግዒ ኲናት ኣዊጁ። ድሕሪ ኣዋጅ ኲናት ኢትዮጵያ ብ14 ግንቦት 1998 ህጹጽ ኣኼባ ዘካየደ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ፡ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ብወግዒ ዝተኣወጀ ኲናት ከም ልሙድ መልሰ ግብሪ ናይ ሃገራት ብኣዋጅ ኲናት ኣይመለሰሉን። ኣብ ክንድኡ ካቢነ ሚኒስተራት ኤርትራ ብህዱእን ዓቃልን መንፈስ፡ እዚ ዝስዕብ ናይ መፍትሒ እማመታት እዩ ኣቕሪቡ፡-

1) ጉዳይ ዶብ ብሰላማውን ሕጋውን መገዲ እምበር ብወተሃደራዊ ሓይሊ ክፍታሕ ስለዘይክእልን ዘይግባእን፣ ሓይልን ስነ-ሞጎት ሓይልን ተወጊዱ፣ ንምፍትሑ ብቐልጡፍ ሳልሳይ ኣካል ዝሳተፎ ዘተ ክግበር፣

2) ዘየድሊ ጎንጺ ንምውጋድ፡ ዶባት ክልቲኤን ሃገራት ንግዜኡ ካብ ወተሃደራዊ ህላወ ናይ ክልተኡ ወገን ናጻ ኮይኑ ተዓዚብቲ ክኣትውዎ፣

3) ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት ብኣሃዱ ካርቶግራፌ ሕቡራት ሃገራት ምምልካት ዶብ ክግበር፣ እዚ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ፈለማ ዘቕረቦ ቅኑዕን ሕጋዊን መፍትሒ ሓሳባት፡ ኣብቲ እዋን'ቲ ተቐባልነት ረኺቡ እንተዝነብር፡ ከም ሳዕቤን ናይቲ ኲናት ኣብ ህዝብታት ክልቲኤን ሃገራት ዝወረደ ገዚፍ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ኣይምሰዓበን። ጉዕዞ ልምዓት ክልቲኦም ህዝብታትን ሰላምን ምርግጋእን ዞባና ድማ ኣይምተዘርገን። ሎሚ ነቲ ኩነታት ተመሊሱ ዘስተንትኖ ሰብ ብዙሕ ሕቶታት ኣብ ኣእምሮ ክመጽእ ይኽእል፤ ኲናት እንታይ ኣምጺኡ፤ ንምንታይ ዕላማ፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ፡ ካብዚ ኲናት'ዚ ብርግጽ እንታይ'ዩም ረቢሖም፤ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዘዋጽእ መገዲ ምስ ጎረቤቱ ህዝቢ ኤርትራ ብሰላምን ምክብባርን ምንባር'ዶ ኣይምኾነን፤ ቀዳሞት ስርዓታት ኢትዮጵያ ንህዝቢ ኤርትራ ብሓይሊ ንምንብርካኽ ዘካየድዎ ኲናትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ንብላሽ ዝኸፈሎ ዋጋን ተመኵሮ ክቕሰመሉ ኣምተገብኣን'ዶ፤ ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ህዝቢ ኣንበርኪኽና፡ ድላይና ክንፍጽም ንኽእል ኢና ዝብሉ ዓንደርቲ፡ ከምኡ ክገብሩ ብቕዓት ኮነ ዓቕሚ ከምዘይብሎም ሕሉፍ ተመኵሮ ዓለምና ኣይነገረን ድዩ፤ እዚ ዳግማይ ኲናት'ዚ እንተዘይመጽእ፡ ሎሚ ክልቲኦም ህዝብታት ኣብ ከመይ ኩነት ምሃለዉ፤ ካብ ኲናት'ዶ ካብ ሰናይ ጉርብትና ዝርከብ ረብሓ ይዓቢ፤ ህዝብታት

**ኤርትራን ኢትዮጵያን ዕድል ኣይገበሩን፡ ሰለስተ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ተኻዪዱ፣ ብዘይካ ዕንወትን ህልቂትን ካልእ ፋይዳ ኣይተረኽቦን።**

**ኣብ መወዳእታ እቲ ጉዳይ ናብ ሕጊ ኣምሪሑ ብይን ተዋሂቡዎ። ድሕሪ ብይን፡ እቲ ኩነታት ቀልጢፉ ናብ ንቡር ክምለስ ትጽቢት ናይ ኩሉ ደላይ ሰላምን ምዕባለን እዩ ነይሩ። የግዳስ ትግባረ ብይን ሓኒቒካ ብምሓዝ፡ ንህዝቢን መንግስቲን ኤርትራ የዳኽም'ዩ ዝተባህለ ሕብረ ብዙሕ ተጻብኦታት ስዒቡ። ኩሉ ግን ኣይሰርሐን። ይኹን'ምበር ሃስያኡ ኣብ ልዕሊ ህዝቢታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ መላእ ዞባና ቀሊል ኣይነበረን። እቲ ዝወረደ ክሳራ መጠኑ ብገንዘብ ይኹን ካልእ መለክዒታት እምብዛ ከቢድ እዩ። ካብዚ ዘሕዝን ታሪኽ እምበኣር፡ ህዝቢ ኢትዮጵያን መራሕቱን ተመኩሮ ክቐስሙ፡ እቶም ነዚ ኣዕናዊ ኲናት ዝወልዑ ዘጕሃሩን ዝመወሉን ከኣ ተናሲሖም ጌጋኦም ክእርሙን ዘግባእብእ እዩ።**

*ሓዳስ ኤርትራ*

22 *ሚያዝያ* - 8 *ግንቦት* 2026